# መቓልሕ ትግራይ

ብቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ በብኽልተ ሰሙን ዝሕተም ጋዜጣ 15 ሰነ 2012 ዓ/ም ሕታም 633 ብነፃ ዝዕደል



## መፍረያይነት ሕርሻ ትግራይ ዘበነ ምህርቲ 2012/13 ብቫይረስ ኮሮና ከይተፀለወ ዝሓየለ መፍረያይነት ከመዝግብ ይሰርሕ ኣሎ

ብተስፋልደት ገ/ማርያም

ኣብ ዘመነ ምህርቲ 2012/2013 ዓ.ም ልዕሊ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ሄክታር መሬት ትግራይ ብዝተፈላለዩ ዝራእቲ ከምዝሽፈን ዝሓበረ ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ክልል ትግራይ፣ ብሰንኪ ዓለማዊ ተላባዒ ቫይረስ ኮሮና መፍረያይነት ሕርሻ እዚ ዓመት ከይቕንስ ልዑል ጠመተ ተዋሂቡ ይስ ራሕ ምህላዉ ገሊፁ።

ኣብ ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ክልል ትግራይ ዳሬክተር ዳይሬክቶሬት ርክብ ህዝቢ ኣይተ ሚኪኤለ

ናብ ገፅ 4 ይዘውር



ዋና ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ተጋደልቲ ክልል ትግራይ ተጋዳላይ ፈናን ኣብርሃ

## ሰማእታትና ሕድሮም ከይዓብር መስመርና ኣፅኒዕና መኺተና ክነሐይሎ ኢና !

ብተበሻለ ገ/ሄር

ሰማእታትና ሕድሮም ከይዓብር መስመርና ኣፅኒዕና መኺተና ክነሐይሎ ኢና ክብሉ ኣመራርሓ ማሕበር ተጋደ ልትን ደቂ ተጋደልትን ገሊፆም፡፡ ነዚ ዝገለፁ ብምኽንያት ቅነ መዓልቲ ሰማእታት 15 ሰነ እዩ፡፡

ኣብ ሓደ ፀሓይ ልዕሊ 2500 ሰባት ዝተሰውእሉ፣ ከባቢ 1500 ከቢድ ጉድኣት ዝተጎድእሉ፣ ሬሳ ሰብን እን ሰሳን ንምፍላይ ኣፀጋሚ ዝነበረሉ፣ ደም ሰብን እንሰሳን ከም ውሕጅ ዝፈሰሰሉ መዓልቲ ሰማእታት 15 ሰነ "ሕድሪ ስዉኣትና ኣፅኒዕና ንመኽተ!" ብዝብል መሪሕ ቃል እንትኽበር ከምቲ ካልእ እዋን ብሰልፊ እንተይኮነስ ስዋ ኣትና ብምዝካር እዩ ኢሎም ማሕበር ተጋደልቲ ትግራይን መሕበር ደቂ ስውኣት ተጋደልቲ ትግራይን ፡፡

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ተጋደልቲ ትግራይ ተጋዳላይ ፈናን ኣብርሃን ምክትል ኣካያዲ ስራሕን ርክብ ህዝብን ማሕበር ደቂ ስውኣት ተጋደልቲ ትግራይ መን እሰይ ፈቓዱ መኮነንን ከምዝበልዎ፣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ መዓልቲ ሰማእታት ብሸርሒ ትምክሕተኛታት ሓይሊ ዝተኣለመ እከይ ተግባር ዝተቐንፀሉ ጀጋኑ ጀነራላት ኣካል እቶም 15 ሰነ 1980 ዓ/ም ኣብ ሓውዜን ዝተጨፍጨፉ ሰማእታት ብምሕሳብ ፣ ነቲ ዝግበር ዘሎ ሽርሒታት ሓድነትና ኣስጢምና ክንምክቶ ዳግም ቃልና እነሐድሰሉ እዩ ኢሎም፡፡ ቀተልቲ ጀጋኑ ጀነራላት ንከይፍለጡ ዝሸፋፍን ዘሎ ጉጅለ ባዕሉ ዝፈፀሞ ተግባር ምዃኑ ማሕበረሰብ ዓለም ክፈልጦ ብውዳብኦም ኣቢሎም ምግላፆም ኣዘኻኺሮም፡፡

መዓልቲ ሰማኣታት ለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይ ረስ ብምክልኻል፣ ሰብ ስራሕ ይኹን ተፈጥሮኣዊ ፈተናታት ከከም ኣመፃፅእኦም ብምምካት ጥዋፍ ብም ብራህን ብሄራዊ መዝሙር ብምዝማርን ኣብ መላእ ዓለም ዝርከብ ትግራዋይን ፈታዊ ትግራዋይን በቢ ዘለዎ ኮይኑ ሕድሪ ጀጋኑ ስውኣት ከስጥም ይግባእ ኢሎም፡፡

ህዝቢ ትግራይ ብቓልሱ ዘረጋገፆ መሰል ዓርሰ ውሳነ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ከምዘይዓግቶ፣ መሰል ዓርሰ ውሳነኻ ተጠቒምካ ባዕልኻ ንባዕልኻ ክተማሓድር ኣይትኽእልን፣ መረፃ ክተካይድ ኣይትኽእልን ፣

ናብ ገፅ 4 ይዘውር



ገናሒ መኪና ኣይተ ግርማይ ተወልደ መድህን

## ገናሕቲ መካይን ትግራይ ኣብ ተላባዒ ሕማም ኮረና እኹል ርድኢት ሒዝና ንምክት ኣለና ኢሎም

ብመስፍን ገ/ትንሳኤ

ካብን ናብን መዕርፎ መካይን ከተማ መቐለ፣ 50 ሚእታዊ ተጓዓዝቲ ፅዒኖም ዝመላለሱ መራ ሕቲ መካይን መጓዓዝያ ህዝቢ፣ ኣብ ተላባዒ ሕማም ኮረና እኹል ርድኢት ሒዞምን ዘድሊ መከ ላኸሊ ዓጢቖምን ከም ዝንቀሳቐሱ ገሊፆም፡፡

መራሕቲ መካይን ኣይተ ግርማይ ተወልደ መድህንን ግርማነህ መረሳን፣ እዚ ተላባዒ ሕማም ኮረና ሃለዋት ውልቆምን ህዝቦምን ልዕሊ ዝረኽብዎ ረብሓ ስለ ዝኾነ ክምገቡ ኣብ ዝኣት ዉሎም ሆቴላትን ዝሓድርሎም ዓራውትን ነቲ ሓደጋ ዕቱብ ጥንቃቐ ወሲዶም ከም ዝመላለሱ ሓቢሮም፡፡

ምምሕዳር መዕርፎ መካይን ኣይተ ሙሉጌታ በርሀ ብወገኖም፣ ቅድሚ መዕርፎ መካይን ምኽፋቱ ብዛዕባ ተላባዒ ሕማም ኮረና ወግሐ ፀብሐ ኣስተምህሮ ከም ዝህቡን መራሕቲ መካይን ወፈሮም ክሳዕ ዝኣትዉ ትርፊ ከይፅዕኑን ዘውፅኦም ዋኒን ሰሪሖም ንክምለሱ፣ ምስ ትራፊካት ተዋዲዶም ከምዝሰርሑ ብኡ ኣቢሉ ገበን ዝፈፀመ ንህዝቢ ሞት ከም ዝፈረደ ክርድኡ ሓበ ሬታ ከምዝህቡ ኣብሪሆም፡፡

ኣታሓባባሪ ግልጋሎት መጓዓዝያ ኣይተ ግርማይ እምባዬ፣ ተጓዓዝቲ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ገይሮም

ናብ ገፅ 4 ይዘውር

## ማሕበር ልምዓት ትግራይ ሓዱሽ ጨንፈር ኣብ ክፍለ ኣህጉር ኤዥያ ኣጣይሻ

ብይርጋ ኣብርሃ

ዓለምለኸ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ልምዓት ትግራይ ንሃገራት ቻይና፣ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ዝሓ ቖፈ ስሩዕ ዓለምለኸ ጨንፈር ማልት ኤዥያ ብብርኪ ኤዥያ ኣጣይሻ

ኣመራርሓ ዓለም ለኸ ዋና ቤት ፅሕፈት ኣብዚ ሰሙን ኣብ ኤዥያ ምስ ዝርከቡ ተጋሩ ብማሕበራዊ ሚዲያ ስካይፒ ኣብ ዝተሳለጠ ኣኼባ ንሃገራት ቻይና፣ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ዝጠመረ ስሩዕ ዓለምለኸ ቤት ፅሕፈት ማሕበር ልምዓት ትግራይ ጨንፈር ኤዥያ ብብርኪ ኤዥያ ኣጣይሻ።

ብመሰረት 'ዙይ፣- ኣይተ ገ/ብረሂወት ሃይለ ጂወርግስ ኣቦ ወንበር ካብ ቻይና፣ኣይተ ቴዎድሮስ ኣለም ም/ኣቦ ወንበር ካብ ደቡብ ኮርያ፣ ኣይተ ሃይ ላይ ገብረፃዲቕ ፀሓፊ ካብ ቻይና፣ ኣይተ ኪሮስ ንጉስ ፋይናንስ ካብ ቻይና፣ ኣይተ ሓጎስ ኣለማ ፋይናንስ ካብ ደቡብ ኮርያ፣ ኣይተ ኣሉላ ተስፋይ ርክብ ህዝቢ ካብ ጃፓን ከምኡ'ውን ኣይተ ኣሰፋ ምስጉን ርክብ ህዝቢ ካብ ቻይና ኣመራርሓ ቦርድ ማልት ጨንፈር ምብራቕ ኤዥያ ኮይኖም ተመሪፆም።

ናብ ገፅ 2 ይዘውር

ዝኸበርኩም ተገልገልትና
እዋናውን ተኣማንን ዜና ካልኦት ዓበይቲ ሓበሬታታት ህዝብን ክልል
ትግራይን ሃገርን ዓለምን ተኸታቲልኩም like, share comment ብምግባር ንክትሳተፉ ንዕድም ።
Facebook: https://www.facebook.com/TigrayCAB/
Youtube: Tigray Communication Affairs Bureau
Twitter: https://twitter.com/TigrayCAB

ወጋሕታ ምዕራፍ ብራኽ ትግራይ ንክጋሃድ፣ ኮሮና ቫይረስ ንመክት !

# ቅንያት ወረዳታት

ምውዳድ ብተሻለ ገ/ሄር

## መቐለ

ብመስዋእትን ኣካላዊ መጉዳእትን መላምል ደቂ ህዝቢ ዝተሃነፀ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ብዘይረብሕ ጉጅለ ክፈርስ ኣይኽእልን

ኣብዛ ሃገር ብልዕሊ 60 ሽሕ መስዋእቲ፣ ልዕሊ 100 ሽሕ መጉዳእትን ዝተሃነፀ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ብዘይረብሕ ጉጅለ ክፈርስ ከም ዘይብሉ ነባራት ተጋደልቲ ከተማ መቐለ ተዛሪቦም፡፡

ዘዘራረብናዮም ነባራት ተጋደልቲ ዋና ስራሕ ኣካያዲ ማሕበር ተጋደልቲ ትግራይ ተጋዳላይ ፈናን ኣብርሃን ተጋዳላይ ሃ/ኪሮስ ገብረሃወርያን በቲ ዝሓለፈ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ፋሽሽታዊ ስርዓት እዩ ተደምሲሱ እምበር  ነቲ ስርዓት ንሱ ዝድግፉ ሓይልታት መሊኦም ከምዘይተደምሰሱን፣ ኣመንትን ደገፍትን ኣሃዳዊ ስርዓት ሓይልታት ተፀጊዖም ብምፅናሕ፣ ብዋጋ ክግመት ዘይኽእል መስዋእትን መጉዳእትን ዝተኸፈለሉ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ንምፍራስ ሓይሎም ፀንቂቖም እናሰርሑ ከም ዘለውን ህዝቢ ውሽጣዊ ሓድነቱ ኣጠናኺሩ ክምክቶም ይግባእ ክብሉ ገሊፆም፡፡

መሰል ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝረግፅ፣ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ብምፍራስ ኣንፃር ህዝቢ ትግራይ ብምልዓል ዘርኣዊ መጥቃዕቲ ክካይድ እዩ ዝበሉ እቶም ወሃብቲ ርኢቶ፣ ሰብ ስራሕ ይኹን ተፈጥሮኣዊ ፀገማት ከም ፅቡቕ ኣጋጣሚ እናተጠቐመ ህዝቢ ንምድንጋር ሓደሻዕ ጨፍጨፍኹኺ፣ ኣቃፀልኩኺ፣ ብኻልእ ወገን ድማ ሓላይ ክመስል ፈፂሙ ክሰርሖ ዘይኽእል ከፊኡካ፣ ኣነ እየ ዝፈልጠልካ፣ ወዘተ. “ኮሓላይ መሲሉ መንቆራይ” ህዝቢ ኣታሊሉ ውልቀመላኽነቱ ንምንስዕራር ተለኣኣኽትን ባንዳታትን ብገንዘብ ብምትላል ነቲ ተሳዒሩ ዝተቐበረ ስርዓት ንምምላስ ዋላ እንተፃዓረ ፈፂሙ ኣይኾነሉን ክብሉ ተዛሪቦም፡፡

ነዚ ዕሉል ውልቀ መላኺ ንምድርዓም ወይ ንምጥፋእ ህዝብታት ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ትግራይ ውሽጣዊ ውዳብኡ ብምጥንኻር፣ ብግዝያዊ ወረን ሓሶትን ከይተታለለ ከምትማሊኡ ክምክቶ ይግባእ ዝበሉ እቶም ተጋደልቲ፣ ትማሊ ምእንተ ሰላምን ልምዓትን ኣብ ጎቦታትን ሸንጥሮታትን ዝተረፉ ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ሕድሮም ከይጥለም ኩሉ በቢ ውዳብኡን ዓውደ ስርሑን ብፅንዓት ክቃለስ ፀዊዖም፡፡

ኣብዚ ቕነ ዝዝከር መዓልቲ ሰማእታት 15 ሰነ 1980 ዓ/ም ብግፍዓዊ ስርዓት ደርጊ ኣብ ከተማ ሓውዜን ኣብ ልዕሊ ንፁሃን ዜጋታት ዝተፈፀመ ጨፍጫፍ  ዝተሰውኡን ከቢድ ጉድኣት ዝበፅሖምን ኩሎም ጀጋኑና ብምዝካር፣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ልዕሊ ጀጋኑ መራሕቲ ጀነራላት ዝተፈፀመ ቅንፀላ ተግባር ናይቲ ፋሽሽታዊ ስርዓት ብምዃኑ ዘየደቅስ፣ ክንቃለሰሉን ክንሓሰበሉን ዝግባእ ተግባር ከምዝኾነን ወሲኾም ኣረዲኦም፡፡

ኣብ መወዳእታ ህዘቢ ዝለዓለ ትኹረት ክገብረሉ ዝግባእ ተኸሲቱ ዘሎ ሕማም ኮሮና ቫይረስ፣ ቀታሊ ሰብ ስለዝኾነ ከየጥፋኣና፣ ዝኸፍአ ዋጋ ከየኽፍለና፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ዓቕምና ኣዳኺሙ ኣደዳ ፀላእትና ከይገብረና፣ መንግስትን ሰብ ሞያ ጥዕናን ዘውፅእዎ መምርሒ ሽለል ከይበልና ተግባራዊ ክገብርን ነዛ ሃገር ንውድቀትን ውርደትን ዘቃልዓ ዘሎ ዝበሰበሰ ፅግዕተኛ ሓይሊ ብትረት ክቃለሶን ኣታሓሳሲቦም፡፡

## ኣላማጣ

ብምኽንያት ኮሮና ቫይረስ ዝግበሩ ዘለዉ ሓገዛት ፈለማ ንጉድኣት ኣካል ትኹረት ይህብ ከም ዘሎ ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን ከተማ ኣላማጣ ኣፍሊጡ፡፡

ሓላፊት ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ጉዳይ ከተማ ኣላማጣ  ወ/ሮ ፀጋ ገ/ማርያም ከም ዝበልኦ ኣብ ጉዱኣት ኣካል ትኹረት ብምግባር እናተሰርሐ ከምዘሎን ፈለማ ስራሕቲ ግንዛበ ብምሃብ፣ ብሰንኪ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ከይጥቅዑ፤ ከካብ ጣብይኡ ከባቢ 80 ዝኣኽሉ ተመልሚሎም ክመፁ ብምግባር እናተሓገዙ ከምዝኾኑን ዝኸፍአ ፀገም ዘለዎም ክሳብ ሳልሳይ ዙር ከምዝተሓገዙን ገሊፀን፡፡

ካብ ተፀባይነት ወፂኦም ዓርሶም ዝኽእልሉ ባይታ ንምፍጣር ንዝተወሰኑ ጉድኣት ኣካል፣ ብዘለዎም ተውህቦን ክእለትን ተጠቒሞም ብማሕበር ተወዲቦም ናብ ስራሕ ክኣትዉ ምትዕርራይ ተገይሩ እዩ ዝበላ እተን ሓላፊት፣ ደገፍን ክትትልን ብምግባር ካልኦት ኣሰሮም ንክኸተሉ እናተሰርሐ ከምዘሎ ሓቢረን፡፡

ሓላፊ ማሕበር ጉድኣት ኣካል ከተማ ኣላማጣ መምህር ሃይለ ልኡል ካብቶም 80 ዝኣኽሉ ኣባላት እቶም ዓሰርተ ናይ ባዕሎም ስራሕ ዘለዎም እንትኾኑ፣ እቶም 70 ዝኣኽሉ ግና ስራሕ ዘይብሎምን ካብ ኢድ ሰብ እናተፀበዩ ዝመሓደሩ እንትኾኑ፣ ንሳቶም  ናብ ስራሕ ዝኣትውሉ፣ ምስ ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን ብምዃን ግንዛበ ብምፍጣር ተወዲቦም ክሰርሑ እናተገበረ ከም ዝኾነ ኣፍሊጦም፡፡

መንግስቲ 500 ካሬ ሜትር ምስ ሓደ ክፍሊ ገዛ ንመስርሒ ዝኸውን ቦታ ከም ዝሃቦም እንትገልፁ መምህር ሃይለ ልኡል ፤ ብመንግስቲ ይኹን ብካልኦት ገበርቲ ሰናይ ትካላት ዝግበር ዘሎ ሓገዝን ምትብባዕን ብምምስጋን ተጠናኺሩ ክቕፅል ድማ ተላብዮም ክትብል ኪኢላ ፕረስ ከተማ ኣላማጣ መናል ኢብራሂም ፀብፂባ፡፡

## ጋንታ ኣፈሹም

ማሕበር ልምዓት ኣዘባን ከባቢኣን ንምክልኻል ሕማም ኮረና ቫይረስ ዝውዕል ልዕሊ 100 ሽሕ ብር ዝዋግኦም ናውቲ ሕክምና ንጣብያ ጥዕና ኣዘባ ብሓገዝ ኣበርኪቶም ።

ማሕበር ልምዓት ኣዘባን ከባቢኣን ንምክልኻል ሕማም ኮረና ቫይረስ ዝውዕል ልዕሊ 100 ሽሕ ብር ዝዋግኦም ናውቲ ሕክምና ንጣብያ ጥዕና ኣዘባ ብሓገዝ ኣበርኪቶም ።

መታሓባበሪ እቲ ማሕበር ዝኾኑ ኣይተ ኣለነ በየነ ከም ዝበልዎ፣ ማሕበር ልምዓት ኣዘባን ከባቢኣን ማሕበራውን ቁጠባውን ፀገም ሕብረተሰብ ንምፍታሕ ዓሊማ ዝተጣየሸት እንትትኸውን፣ መንግስቲ ኣብ ዘሳልጦ ስራሕቲ ልምዓት ንዘጋጥም ክፍተት ንምሽፋን እናሓገዘት ከምእትርከብ ገሊፆም፡፡

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ጥዕና ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ኣይተ ጠዓመ ገ/ጨርቆስ ብወገኖም ከም ወረዳ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ንምክልኻል ኮሚቴ ብምጥያሽን ልዕሊ 300 ሽሕ ብር ብምምዳብ ዝተፈላለየ ስራሕቲ እናተሳለጠ ከም ዘሎን፣ ናቱ መቐፀልታ ብማሕበር ልምዓት ኣዘባን ከባቢኣን ዝተገበረ ሓገዝ ናውቲ ሕክምና ኣብ ምክልኻል እቲ ሕማም ዝሳለጥ ዘሎ ስራሕቲ ዝሕግዝ ብምዃኑ ክምስገን ዝግብኦን ካልኦት እውን ክኽተልዎ ዝግባእ ሰናይ ተግባር እዩ እንትብሉ፣ እቲ ናውቲ ሕክምና ንኣዘባ ጣብያ ጥዕናን ኣብ ትሕቲኣ ንዝርከባ ኬላታት ጥዕና ከም ዝከፋፈልን ሓቢሮም፡፡

ዳይሬክተር ጣብያ ጥዕና ኣዘባ ሲስተር ሸዊት ሓዱሽ ብወገነን ብማሕበር ልምዓት ኣዘባን ከባቢኣን ዝተገበረ ሓገዝ ናውቲ ሕክምና ኣብ ምክልኻል ሕማም ኮረና ቫይረስ ኢሉውን መሰረተዊ ጥዕና ፀገማት ሕብረተሰብ ንምፍታሕ ዘኽእል ስለ ዝኾነ ኣበርቲዕና ክንሰርሐሉ ኢና ኢለን ክብል ክኢላ ፕረስ እታ ወረዳ ሃፍቶም ተስፋይ ፅሒፉ።

## ሰማእታትና ሕድሮም ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ብተመሳሳሊ ዓለምለኸ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ሆላድንን ካናዳን ዝርከቡ ተጋሩ ብዝተወደበን ብዝተጠናኸረን መልክዑ ብምንቅስቓስ ማልት ንእተካይዶም ዋኒናት ልምዓት ዝክኣሎም ሓገዝ ዝገብሩሉ ዕድል ንምፍጣር ማሕበር ልምዓት ትግራይ ጨንፈር ሆላንድን ካናዳን ብብርኪ ሃገራት ሆላንድን ካናዳን ብምጥያሻ ስሩዕ መደባት ማልት ዝሳለጠሉን ዕድል እናፈጠረት ከምእ ትርከብ ተሓቢሩ። ስለዝኾነ ኣብ ዝተፈላለዩ ኵርናዓት ዓለም ዘለዉ ተጋሩ ብዝተወደበ መንገዲ ምዕብልትን ተበሃጊትን ትግራይ ጋህዲ ንምግባር ኣብ ዝግበር ምን ቅስቓስ ብምስታፍ እጃሞም ከወፍዩ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ልምዓታዊ ፃውዒታ ኣቅሪባ።

ብተመሳሳሊ ዜና ፕሮጀክታት ማሕበር ልምዓት ትግራይ ጎና ጎኒ ምክልኻል ሕማም ቫይረስ ኮረና ተጠና ኺሮም ይቕፅሉ ምህላዎም እታ ማሕበር ገሊፃ፡፡ ጎና ጎኒ ስራሕቲ ምክልኻል ብብርኪ ሃገርናን ክልልናን ኣጋጢሙ ዘሎ ተላባዲ ሕማም ቫይረስ ኮሮና ኣብ ኩለን ዞባታትን ወረዳታትን ትግራይ ኣብ ከይዲ ህንፀት ዝር ከቡ ዓበይቲ ፕሮጀክታት ትምህርትን ጥዕናን ማልት ኣብ ፅቡቕ ብርኪ ከምዝርከቡን ህንፀቶም ተጠናኺሩ ይቕፅል ከምዘሎን ተገሊፁ።

ከም መብርሂ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ኮምዩ ኒኬሽንን ርክብ ህዝብን ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣይተ ሙሉጌታ በላይ፣ ስትራተጂክ ትልሚ ሰለስተ ዓመት 2012-2014 ዓ/ም ሓንፂፃ ናብ ስራሕ ብምእታው ሰፊሕ ምንቕናቕ ህዝቢ ብምፍጣር ካብ ዝተፈላለዩ ክፉላት ሕ/ሰብ ሃፍቲ ንምትእኽኻብ ዘኽእሉ መደባት ንምፍፃም ከምኡ’ውን ስራሕቲ ህንፀት ትካላት ትምህርትን ጥዕናን እናሳለጠት ዝመፀትን ብምኽንያት ዘጋጠመ ሃንደበታዊ ሕማም ቫይረስ ኮሮና ስዒቡ ህዝቢ ኣኪብካ ሃፍቲ ንምትእኽኻብ ዕንቅፋት ኮይኑ ከምዝፀንሐን ይዛረቡ።

ይኹን እምበር ይብሉ ኣይተ ሙሉጌታ ምትእኽኻብ ሃፍቲ ይኹን ስራሕቲ ህንፀት ትካላት ትምህርትን ጥዕናን ተጠናኺሮም ዝቕፅሉሉ ኣንፈት ብምንዳይ ስሩዕ ህንፀት ፕሮጀክታት ማልት ከመይ ይቕፅሉ ከም ዘለዉን ካብ ዝተፈላለዩ ክፉላት ሕ/ሰብ ሃፍቲ ንምትእኽኻብ ከመይ ክኸየድ ከምዘለዎ ገምጊሙ ዝኣተወ ኣመራርሓ ስራሕ ማሕበር ልምዓት ትግራይ፤ ኣብ መላእ ትግራይ ዳህሳስ ስራሕቲ ማልትን ፍልፍላት እቶት ነፂርካ ሃፍቲ ንምትእኽኻብ ዕማም ዝሓዘ ጉጅለ ንኣስታት ሓደ ወርሒ ዳህሳስ ኣካይዱ ምምላሱን ህዝቢ መደባት ማልት ንምዕዋት ኮነ ካብታ ዘላቶ እቶት ንምሕጋዝ ዝገብሮ ዘሎ ምንቅስቓስ ዝንኣድ ምዃኑ ገሊፆም።

ኣብያተ ብልዒ ካብ መሸጣ እንጀራ፣ እንዳቡን ካብ መዓልታዊ መሸጣ፣ ሆቴላት ካብ ወፈያ ክሳብ ትካላዊ ኣባልነት ኮይኖም ብምውፋይ፣ ውልቀን መንስግታውን ባንከታት ሰራሕተኛታቶም ኣእሚኖም ንማልት ክሕግዙ ዝገብሩዎም ዘለዉ ደገፋት ዝንኣድ ምዃኑ ብምግላፅ እዚ ምልዕዓልን ደገፍን ተጠናኺሩ ክቕፅል ከምዝግባእ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ኮምዩኒኬሽንን ርክብ ህዝብን ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣይተ ሙሉ ጌታ በላይ ተዛሪቦም።

## ኣብ ክልል ትግራይ ሎሚ ዘበን ልዕሊ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ቢልዮን ብር ካፒታል ዘመዝገቡ ሰብ ሃፍቲ ፍቓድ ኢንቨስትመንት መዓድን ምርካቦም ተገሊፁ

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ሓላፊ ኤጀንሲ መዓድንን ኢነርጅን ክልል ትግራይ ኣይተ ተስፋኣለም ሓድጉ ከምዝገለፅዎ ንልዕሊ 200 ሰብ ሃፍቲ ፍቓድ ዳህሳስን መፅናዕቲ መዓድን ብምሃብ፣ ካብዚኦም 80 ሰብ ሃፍቲ ናብ ልም ዓት መዓድን ንምእታው ልዕሊ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ቢልዮን ብር ምውፋሮም ሓቢሮም፡፡

ኣብ ትግራይ ካብ ዘለው ፀጋታት መዓድን ሓደ ወርቂ እንትኾን፣ ኩባንያ ኢዛና ኣብዘን 11 ኣዋርሕ 4 ነጥቢ ትሻዓተ ኩንታል ወርቂ ናብ ብሄራዊ ባንኪ ኣታዊ ከምዝገበረን ብተወሳኺ ብርክት ዝበሉ ወገናት ብውልቀን ብማሕበርን ተወዲቦም ኣብ ዕደና ወርቂ ብምስታፍ ተጠቀምቲ ይኾኑ ምህላዎም ኣብሪሆም፡፡

ኣብ ካልኦት መዓድናት እዚ ክልል ኣብ ምልማዕ ግራናይት ኩባንያታት ሳባ እምነበረድን ሰማያታን ይሳተፉ ከምዘለዉን ሓደሽቲ ትካላት እውን ኣብ ምጥያሽ ፋብሪካ ምህላዎምን ብምሕባር፤ ብተወሳኺ እታ ክልል ትፍለጠሉ መዓድን ኮንስትራክሽን እውን ብስፍሓት ይስረሐሉ ምህላዉ እቶም ሓላፊ ገሊፆም፡፡

እቲ ኤጀንሲ ኣብ ትግራይ ዝርከቡ መዓድናት ኮንስትራክሽን፣ ኢንድስትርን ዳይመንሽንን ብዝብል ብምፍላይ ምስ ግዱሳትን ምሁራትን ተጋሩ ብም ትሕብባር መፅናዕቲ ኣብ ምክያድ ዝርከብ ኮይኑ፤ መዓድናት ኮንስትራክሽን መፅናዕቶም ከምዝተዛዘመን  እቶም ክልተ መዓድናት እውን መፅናዕቶም ኣብ ቀረባ እዋን ብምውጋን፣ ኣብ ክልልና ዘለው መዓድናት ዝርከብሉ ቦታን መጠ ኖምን ዝሕብር ካርታ ንምስራሕ ተሓሳቢ ተገይሩ ይስራሕ ከምዘሎን እዚ መዓድናት ትግራይ ንረ ብሓ ህዝቢ ንምውዓል ዓብዩ ግደ ከምዝህልዎ ኣረዲኦም፡፡

ሎሚ ዓመት ኣብዚ ክልል ንፈለማ እዋን ምርኢት ኤግዚቢሽን መዓድናት ከምዝተኻየደ ብምዝኽኻር፤ እዙይ ህዝብን ሰብ ሃፍትን ትግራይ ኣብ ክልሎም ዘሎ ፀጋታት መዓድን ክፈልጥዎን ግቡእ ክንኽን ክገብርሉን ብምዕልዓልን ብምሕባርን፤ ህዝቢ ካብዚኣቶም ክረኽቦ ዝግባእ ረብሓ ንክረኽብ ዝዓለመ ምግባሩ ዝገለፁ እቶም ሓላፊ፤ መዓድናቱ ብዝግባእ ብምክንኻን ዝለዓለ ረብሓ ንምርካብ ኣብ ዝግበር ዘሎ ርብርብ ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ድማ መናእሰይ ኣያታቶም ምዕብልቲ  ትግራይ ንምፍጣር ዝኸፈልዎ መስዋእቲ ብምክባር፣ ሕድሪ ኣያታቶም ንምዕዋት ዓብዩ ስራሕ ንክሰርሑ ፃዊዒት ኣቕሪቦም፡፡

ኣእዳውና ብፅሬት ብምሕላው፣ ምንኽኻእ ብምውጋድን፣ ካልኦት ሓበሬታታት ፀረ ቫይረስ ኮሮና ብውነ ብምጭባጥን ናብ ተግባር ነሸርፎ!!

“ መኸተ ኮሮና ውራይ ኩላትና”

# ርእሰ ዓንቀፅ

## ደበስ ስዉኣት፣ሕድሮምን ቃሎምን ኣብ ሽትኡ ምብፃሕ እዩ!!

መዓልቲ ስዉኣት ምእንቲ ምርግጋፅ ህዝባዊ ዕላማ፣ፍትሓዊ ልምዓት፣ዘላቒ ሰላም፣ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ኮታስ ፃምእ ህዝቢ ንምርዋይ ተባሂሉ መባእ ሓርነት ዝተኸፈሎን ቃልካ ኣሓዲስካ እትምርሽሉን በዓል እዩ፡፡እቲ በዓል፣ካብቶም ዝሓለፉ ዓመታት ዝፈልዩዎ ብዙሓት ምኽንያታት ኣለዉዎ፡፡እቲ ንዓለም ኣብ ስግኣት ሸሚሙዋ ዝርከብ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ንክልልና እውን ናብ ሓደጋ ከየውድቓ ኣብ መኸተ ኣብ ዘለናሉ እዋን፣እቲ ናብ ስልጣን መፂኡ ዘሎ "ኢህወዴግ እየ" ኢለ ንኢህወዴግ ዘፍረሰን ንዓርሱ "ብልፅግና" ኢሉ ዝሰየመ ጉጅለ፣ሕድርን ቃልን ሰማእታትና ኣብ ዝጠለመሉን ሃገር ብሃገራ ብኣሃዳዊ ስርዓት ኣቢላ ናብ ድኩት ክትኣቱ ጫፍ ኣብ ዝበፅሐትሉ እዋን ኮይንና ሃለዋትን ድሕንነትን ትግራይ ንምርግጋፅ ኣብ እንረባረበሉ እዋን ይበዓል ምህላዉ ዝተፈለየ ይገብሮ፡፡

እቲ ጠላም ስርዓት ነቲ ብስዉኣት ዝመፀ፣ሰነድ ቃል ኪዳን ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮድያ ዝኾነ ሕገ መንግስቲ ጥሒሱ ይጓዓዝ ጥራሕ ዘይኮነስ፣መሊኡ ከጥፍኦ ይጓዓዝ ኣሎ፡፡ዓዲ ሰላማ ኣብ ዝተዘረገሉ፣ልምዓታ ንቑልቁል ኣብ ዝወረደሉ እዋን ክንህሉ ገይሩ፡፡ብምኳኑ ህዝቢ ትግራይ ነዞም ተደራረብቲ ፀገማት ንምብዳህ ኣብ ስሙር ሓድነት ዓሲሉ ሕድሪ ስዉኣት ኣብ ዳርቻኡ ንምብፃሕ እናተረባረበ እዩ፡፡ዝሓለፉ ቃልስታት ህዝቢ ትግራይ፣ንመንነቱን ንሃለዋቱን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ታሪኽ ኣይቕበልን ዝበለሎም እዮም፡፡ብፍላይ ካብቶም ቃልስታት ተሞክሮ ብምውሳድ፣ኣብ 11 ለካቲት 1967 ዓም ዝወለዖ ቃልሲ፣ን17 ዓመታት ምስ ኣረመንያዊ ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርጊ ገጢሙ ዘኹርዕ መስተንክራዊ ስርሒት ኣመዝጊቡ፡፡እቲ ቃልሲ ማእለያ ዘይብሉ ፈተናታት ተሰጊሩዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፣መላምል ደቂ ህዝቢ ህይወቶም ዝገበርሉን ከም ውፅኢቱ ድማ ኣብቶም ዝሓለፉ 27 ዓመታት ዓበይቲ ዓወታት ክምዝገቡ ዘኽኣለ እዩ፡፡

ይኹንደ'ኣምበር እቲ ሕዚ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ንዓርሱ "ውድብ ብልፅግና እየ" ኢሉ ሰይሙ ኣብ ስልጣን ዝርከብ ፅግዕተኛ ሓይሊ፣ነቶም ተስፋ ዝህቡ ምንቅስቓሳት ለውጥን ነቲ ኣብ 27 ዓመታት ዝተሃነፀ ሕብረ-ብሄራዊ ፌደራል ስርዓትን ንምዕናው ድቃስ ስኢኑ ይሰርሕ ኣሎ፡፡ነቲ ዝተኻየደ ከቢድ ቃልስን ዝተኸፈለ ክቡር መስዋእትን ማይ ንማይ ንምትራፍ ዓጢቑ ተላዒሉ፡፡ስዉኣት ተኸፊሎሞ ዝተረጋገፀ ሕገ መንግስታዊ መሰል ወሃብን ከላእን ከምዝኾነ፣ምፍርራሕ እናሓወሰ፣ብፍላይ ሻድሻይ ክልላዊ መረፃ እንተካይድኩም ወይለኹም ኢሉ ይፍክር ኣሎ፡፡ህዝቢ ትግራይ ግና በረኻ ወፂኡ ተቓሊሱ ንዓወት ዝበቐዐ፣ንፀረ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዝቕበል እንግድዓ ስለዘይነበሮ እዩ፡፡እዙይ ድማ እቲ ፅግዕተኛ ሓይሊ ኣፀቢቑ ይፈልጥ እዩ፡፡ብምኳኑ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን መሰሎም ኣሕሊፎም ከምዘይህቡ ብዘየላጢ መንገዲ መረፃ ንኽካየድ ወሲኖም፡፡ተነሓናሕቲ ውድባት፣ሲቪክ ማሕበራን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን እውን መረፃ ይካየድ ኢሎም ደገፎም ገሊፆም እዮም፡፡ እዙይ ድማ ካብቶም ስዉኣት ዝተቓለሱሉን ሕድሪ ኢሎም ዝገደፍዎ ክቡር ቃል ንምኳኑ ነዙይ ምዕዋት ግድን እዩ፡፡

እንተኾነ እቲ ኣብ ቤተ መንግስቲ እዛ ሃገር ኖቐኒጡ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ጉጅለ፣ንሰላም እዛ ሃገር ኣብ ሕቶ ምልክት ኣውዲቑ፤ዜጋታት ብምኽንያት ብሄሮም መጥቃዕቲ ክበፅሖም ገይሩ፤ ሰባት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ተዘዋዊሮም ብደመ ረሃፆም ንብረት ንከየጥርዩ ዓጊቱዎም ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ነቲ ብፃዕሮም ዘጥረዩዎ ሃፍተ ገነቶም ቀትሪ ምድሪ ክዳሓልን ክቃፀልን ገይሩ፡፡ ቀንዲ ስርሑ ቤተ መንግስቲ ምፅብባቕን ስእሊ ውልቀ መለኽቲ ኣብ ምጥቃዕ ተፀሚዱ ዘሎ ፅግዕተኛ ጉጅለ፣ነቲ "ኣደይ ንጉስ ክትከውን ኢኻ ኢላትኒ እያ" ዝበሎ ሕልሚ ንምግሃድ፣ኣሃዳዊ ስርዓት ንክሃንፅ ኣብ ጫፍ በፂሑ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ነቲ ህዝቢ ዝፈንፈኖ ኣሃዳዊ ስርዓት መሊሱ ንምትካል፣ባንዳታት ካብ ውሽጥን ካብ ደገን መልሚሉ፣ንመምልኢ ከብዲ እቶም ሸየጥቲ ዓዲ ገበተታት፣ዝኸውን ፋይናንሳዊ ሓገዝ፣ካብ ጎይተቱን ዓዲ ክትጠፍእ ዝደልዩ መወልቱን ኣኻኺቡ ብምውፋር ናብ ጥፍኣት ኣትዩ ኣሎ፡፡ኮታስ እቲ ጉጅለ፣ስዉኣት ዝወደቑሉ ዕላማ ከንቱ ንምትራፍ ዘካይዶም ዘሎ መነወሪ ተግባራት ኣጠናኺሩ ዋላ እንተቐፀለሎም ህዝቢ ትግራይ ግና ኣብታ ፅንዕቲ ሽካል ሰጢሙ ይርከብ፡፡

እታ ኣብ ዝሓለፉ 27 ዓመታት ዋሕስን ጠበቓን ሰላም ዓርሳ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ንካልኦት ሃገራት ትሕልው ዝነበረት፣ ሕዚ ናይ ዓርሳ ሰላም ምዕቃብ ኣብዩዋ ኣብ ህውከትን ዕግርግርን ጥሒላ ህዝቢ ቅሳነት ስኢኑ ኣሎ፡፡እቲ ብድርብ ኣሃዝ እናዓበየ ይኸይድ ዝነበረ ቁጠባ እዛ ሃገር፣ከም ሽንቲ ግመል ንድሕሪት ናብ ዝምለሰሉ ብርኪ በፂሑ፡፡ኮታስ ስዉኣት ከፊልና ዘምፃእናዮም ለውጥታት ብባዶ ኣራቢሑ ነዛ ሃገር ናብ ዓዘቕቲ ጥፍኣት ኣእትዩዋ እዩ ጉጀለ ብልግና፡፡ብሓፂሩ እቲ መፍረሳይ ዓድን ዕሱብ ወፃእተኛታትን ጉጅለ፣ታሪክ ይቕረ ዘይብሎ ገበን እናፈፀመ ዝርከብ እንተኾነ፣ ሕዚ ኣብ ሓዝ ክሕዝ ግብግብ ተኣትዩ ይርከብ፡፡

ብምኳኑ መንግስትን ህዝብን ትግራይ፣ኣብ ሰለስተ ግንባራት ረቢቦም ኣለዉ፡፡ብኣውርኡ ቃልሲ ኣንፃር ድኽነት እዩ፡፡ ብፍላይ ልምዓት ንምርግጋፅን ኣብ ሕርሻ ዝላ ንምምዝጋብን ማእቶት ምድንፋዕ ወሳኒ እዩ፡፡ማእቶት ኣብ ምድንፋዕ ንዝፃብኡ ከም ዕስለ ኣንበጣ በረኻ ምምካት ዝበሉ ድማ ሓደ ግንባር እዩ፡፡ሕገ መንግስቲ እዛ ሃገር ጥሒሱ ከምድላዩ ክኸውን ንዝዓብድ ዘሎ ፅግዕተኛ ሓይሊ ልክዑ ክፈልጥ ምግባር እውን እቲ ካልኣዋይ ኣጀንዳ እዩ፡፡ኮታስ ቃልን ሕድርን ስዉኣት ኣብ ሽትኡ ምብፃሕ ደበሶም ስለዝኾነ፣ነቲ ሕዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ኮሮና ቫይረሰ ጠንቂ ኩሎም ስራሕትና ክኸውን ስለዝኽእል ብሰብ ሞያ ጥዕና፣ብትካል ጥዕና ዓለምን ካልኦት ዝምልቶም ኣካላትን ዝወሃብ ዘሎ ሓበሬታን ኣስተምህሮን ብምትግባር ህይወትካን ህይወት ወገንካን ምድሓን ዘለናሉ ንኡስ መድረኽ ዝጠልቦ ብምኳኑ ዕቱብ ርብርብ ምግባር ወሳኒ እዩ፡፡



" ሕድሪ ስውኣትና ኣፅኒዕና ንመኸተ !"




**ዋና ኣሰናዳኢ -** ኣለም ግርማይ
**ም/ዋና ኣሰናዳኢ-** ስብሓት ገ/እግዚኣብሄር
**ኣሰናዳእትን ኣረምቲ ፅሑፍን**
- ይርጋ ኣብርሃ
- መስፍን ገ/ትንሳኤ
- ኣሸናፊ ዘውዴ
- ኣረጋዊ ሓጎስ

**ኣሰናዳእቲ**
- ግርማይ ተ/ብርሃን
- ተስፋልደት ገ/ማርያም
- ብርሃን ገ/መድህን
- ተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

**ዲዛይን፣ ለይኣውትን ግራፊክስን** - ስንዳዮ ኣፅብሃ
- ፀሃይ ገብረ

**ክትትልን ምክፍፋልን ውፅኢት ሕትመት** - ዕፃይ ሓጎስ
**ልምዓት ምልከታን ኣድቨርታይዝመንትን** - ሃ/ሚካኤል ከበደ
**ቑፅሪ ሞባይል 0932349104 - 0344-41-90-25**

**477 መቐለ**
**ፋክስ/Fax 40 74 62**

**03 44 40 26 26**
**03 44 40 93 44**

## ሓበሬታ

ክቡራት መንበብቲ፣ ኣብ ዓምድታት፣ ዜናታት፣ ፅሑፋት ወይ ፎቶ ግራፋትን ዘለኩም ርኢቶ ብኣድራሻና Webmail info@tig-gpr.org ወይ Gmail tiggpr1120gmail.com ንክትልእኹልና እናሓበርና ስለእቲ ተሳትፎኹም ኣቐዲምና ነመስግን።

መቓልሕ ትግራይ
ሓምለ 1985 ዓ.ም ተጣይሹ
መበል 27 ዓመት ፣ ቁፅሪ 633
15 ሰነ 2012 ዓ.ም

**ጉንበት 20 እምነ ሰረት ማዕርነትን ብዙሕነትን እያ !**

## ሰሙናዊ መልእኽቲ ቢሮ ር/ህ/መንግስትን ክልል ትግራይ

### ብምኽንያት መዓልቲ ስውኣት፣ ዝተዳለወ መግለፂ ቅዋም፣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ወፅዓን ባርነትን ኣይንቕበልን፣ ክንብጠና ንዝ ደሊ ዝኾነ ሓይሊ ፍፁም ኣይንምብርከኽን- ቃል ስውኣትና ኣይነዕብርን!!

ቅድሚ ኹሉ "ሕድሪ ስውኣትና ኣፅኒዕና ንመኸተ"! ብዝብል መሪሕ ቃል፣ ንመበል 32 ዓመት ንእነኽብሮ መዓልቲ ስውኣት፣ እንኳዕ ብሰላም ኣብፀሓኩም! ኣብፀሓና! ብምባል ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ ንመላእ ህዝብና መልእኽቲ እንተመሓላልፍ ተደማሪ ሓዱሽ ዓወት ከምእነመዝግብ ብምትእምማን እዩ።

ሎሚ ዓመት መዓልቲ ስውኣት እነኽብሮ ካብቶም ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዘኽበርናዮም፣ ብዓይነቱን ብትሕዝቱኡን ፍልይ ብዝበለ፣ ኣብ ብጣዕሚ ዝተሓላለኸ ንኡስ መድረኽ ኮይና በቲ ሓደ ገፅ ስግኣት ዓለም ኮይኑ ዝርከብ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ንህዝብና ናብ ዝኸፍአ ሓደጋ ከየእትዎ እንምከተሉ፣ ባርኖስ ኣሜሪካን፣ ካብቲ ዓሚ ተራእዩ ዝነበረ ልዕሊ 500 ዕፅፊ ኣዛይዱ ዘዘንቢ ዘሎ ዕስለ በረኻ ኣንበጣ ከይተራበሐ ኣሰሩ ክጠፍእ እንረባረበሉ፣ ኣውራ ኩሎም ሕግታት ዝኾነ ሕገ መንግስቲ ኢፌዴሪ ጢሒሱ ሃገርና ኢትዮጵያ ናብ ፍፁም ኣምባገነናዊነት ዝተሰጋገረ ከዳዕ ጉጅለ፣ ከም መንግስትን ህዝብን ትግራይ ምስ ኩሎም ካልኦት ደለይቲ ሰላም፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን ሓይሊታት ብምኳን ንምምካት ቓላፅምና ጠሚርና እንቃለሰሉን፣ በቲ ካሊእ ገፅ ድማ እዚ ከዳዕ ፀረ ህዝቢ ጉጅለን መሻርኽቱን ዘዋፈርዎም ጠላማት ኣብ ዉሽጥና ብኸባብያውነትን ብጉልባብ ሃይማኖትን፣ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምሽርሻር፣ ድቃስ ሲኢኖም፣ ቀትርን ለይትን ዝኣለምዎም ዝተፈላለዩ ውዲታት ቆቓሕ ኮይንና እነፈሽለሉን 6ይ ክልላዊ መረፃ ንምዕዋት ኣብ እንሸባሸበሉ እዋን ኮይና ኢና ስውኣትና እንዝክሮም።

ከም ዝፍለጥ ህዝቢ ትግራይ፣ ካብ ቀደም ካብ ጥንቲ ክሳብ ሎሚ ኣብ ብሄራዊ መንነቱን መሰል ዓርሰ ውሳነኡን ንዋጋ ዕዳጋ ናይ ምቕራብ ልምድን ታሪክን ፈፂሙ የብሉን።ኣብ መፃኢ እውን ከምዘይህልዎ ኣየጠራጥርን። ህዝብና ንሓደ መዓልቲ እውን እንተኾነ ወፅዓን ባርነትን ኣሜን ኢሉ ተቐቢሉ ኣይፈልጥን። ባዕዳውያን ወረርቲ ተሃንዲዶም ኣብ ዝመፅሉ እዋን ስዕረቶም ክጉምጎሙ ገይሩ መር ኣያ ፅንዓት፣ ጀግንነትን ሓርነትን ምኳኑ ንዓለም ኣመስኪሩ እዩ።ብዋናነት ድማ ህዝቢ ትግራይ፣ ኣብ ሕሉፍ መድረኻት ቃልሲ ዝነበሮ ፅንዓትን ወነን ዓቂቡ፣ ን17 ዓመታት ኣብ ዝዘለቐ ናይ ቃልሲን ዓወትን፣ ዓመታት፣ ወኪል ትምክሕትን ዋርድያ ድኽ ነትን ንዝነበረ፣ ኣረመንያዊ ፋሽሽታዊ ወታደራዊ ስርዓት ደርጊ፣ ሓመድ ድበ ክኸደን ገይሩ፣ ንዓለም ዘስደመመ መስተንክራዊ ቅያ ኣመዝጊቡ እዩ።

እቲ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ፣ ማእለያ ዘይብሉ ፈተናታት ሰጊሩ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ልዕሊ 60 ሽሕ መላምል ተጋደልትን ሃርበኛታትን ደቂ ህዝቢ ህይወቶም ዝገበርሉ፣ ልዕሊ100 ሽሕ ድማ ኣካሎም ዘጎደልሉ፣ ጉዕዞ ህያው ድሙቅ ታሪኽ እዩ።እንተኾነ ፎቖዶ ጎቦታትን ሽንጥሮታትን ዝፈሰሰ ደምን ዝተዘረአ ኣዕፅምትን ከንቱ ኣይተረፈን።ኣብቶም ዝሓለፉ ብሩህ ጉዕዞ 27 ዓመታት፣ ኩሉ ዝጭብጦ፣ ብዓይኑ ዝሪኦን ዘስተማቐሮን፣ ሰላም ሰፊኑ፣ እምነ-ሰረት ዲሞክራሲ ተቐሚጡ፣ ኩሉ ህዝቢ በቢደረጅኡ ተጠቃማይ ዝኾነሉን ዓለም ብዓለሙ ዝመስከረሉ፣ ተኸታታሊን ስሉጥን፣ ማሕበረ- ኢኮኖሚ ምዕባለ ተመዝጊቡ እዩ።እዚ ምዕባለ እዙይ ፍረ ፃማ ህዝቢ ትግራይ ስለዝኾነ ኩላትና እንሕበነሉን ዓቂብና ንቕድሚት ክነሰጉሞን ዝግባእ እዩ፡፡

ይኹን ደኣ እምበር እቶም ህዝቢ ትግራይ ትማሊ፣ ብቕልፅሙ ዶኺዕኳዕ ዘበሎም፣ ብኣተሓሳስባን ተግባርን ጉጅለ ትምክሕትን መሻርኽቶም ባዕዳውያንን ዝምርሑ ፀረ ህዝቢ ሓይሊታት፣ ካብትን ካብዝን ተኣኻኺቦም ሐዚ ዋላ ኣንፃሩ እንተተረባረቡ፣ ስውኣትና ዝሓደጉዎ ሓደራ ክጥለም ማለት ዘበት እዩ ኢሉ፣ ኣብ ዓርሱ ጥራሕ ተኣማሚኑ እናመከቶም ይርከብ። ብምኳኑ ህዝቢ ትግራይ ሕብረ ብሄራዊ ፌዴራላዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ከይፈርስን፣ ልዕልነት ሕጊ ክረጋገፅን እናተቓለሰ ፀኒሑ ሕዚ እውን ማእለያ ዘይብሎም ብድሆታት እናመከተ እዩ።

ብምኳኑ መንግስትን ህዝብን ትግራይ ሕገ መንግስቲዊ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ምህናፅ ማለት ሕድሪ ስውኣትና ምኽባር እዩ፣ ካብ ዝብል ፅኑዕ እምነት ብምብጋስ፣ ብትካቦ ከይኮነስ ብደምን ኣዕፅምቱን ዘረጋገፆ መሰል ዓርሰ ውሳንኡ ዉሑስ ንምግባር ሻድሻይ ክልላዊ መረፃ ብምክያድ ናይ ባዕሉ ምምሕዳር ንምጥያሽ ናይ ማንም ፍቓድ ከይሓተተ፣ መግለፂ ልኣላውነቱ ዝኾነ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ ዘመሓላለፎ ርትዓዊ ውሳነ ኣብ ትግራይ ብሰላማዊን ሕጋዊን ኣገባብ ንምቅላስ ዝወሰኑ ተናሓናሕቲ ፖለቲካዊ ውድባት፣ ሲቪክ ማሕበራት፣ ካልኦት ሃገራዊን ክልላውን ፓርቲታት፣ ከምኡ እውን ዝተፈላለዩ ሃገራውን ዓለም ለኻውን ትካላት፣ ፖለቲከኛታት፣ ምሁራትን፣ ትኽክል ከምዝኾነን ከምዝድግፍዎን ብዕሊ ኣፍሊጦም ኣለዉ።

እዙይ ድማ ህዝብና ዝተቓለሰሉ ሰፊሕ ምህዳር ዴሞክራሲ ዝሰፍሐሉ ሃዋህው ምፍጣርን መሰል ምኽባርን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ብቐንዱ ስውኣትና ዝተሰውኡሉ ዕላማ ምዕዋት እዩ። ብምኳኑ ኣብ 2012 ዓ/ም ብደረጃ ትግራይ ዝካየድ 6ይ ክልላዊ መረፃ ሰላማዊ፣ ነፃ፣ ዲሞክራስያዊን ሕጋዊን ብዝኾነ ኣገባብ ብምክያድ ሸትኡ ንኽወቅዕ፣ ተሳትፎ ሕድሕድ ትግራዋይ፣ ኩሎም ተናሓናሕቲ ፓርቲታት፣ ሲቪክ ማሕበራትን ዝምልከቶም ኩሎም ኣካላትን እጃሞም ከምዘወፍዩ፣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንፃት እዉን ኣይጠራጠርን፡፡

ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ከምቲ ልሙድ ኣብ ከተማ ሓዉዜን መበል 31 ዓመት መዓልቲ ስውኣት ብምዝካር ብዝላዓለ ሕራነን ወነን ቃልና ኣሐዲስናን ኣብ ዝዛምናሉ፣15 ሰነ 2011 ዓ/ም ምሸት ንምሸቱ ብጣዕሚ ዘሕዝን፣ ግን ድማ ብዝበለፀ ዘሐርን፣ ማለት ንዝሓለፉ 43 ዓመታት ካብ ልምዓታዊን ዲሞክራስያዊን ህዝባዊ መስመር ነቐ ከይበሉ፣ ብሽርሒ ተቐንፂሎም ንዝተሰውኡ ዝኽሪ መበል ሓደ ዓመት፣ ተጋዳላይ ጀነራል ሰዓረ መኮነንን ተጋዳላይ ሜጀር ጀነራል ገዛኢ ኣበራን ምኽንያት ብምግባር እዞም ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ፍትሒ ክረኽቡ ድምፅና እነስመዐሉ፣ ከምኡውን ብብሄራዊ መንነቶምን ፖለቲካዊ እምነቶምን ጥራሕ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጊኖም ዘለዉ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ደቂ ህዝቢ ብዘይ ምንም ቅድመ ኹነት ክፍትሑ ቃልስና እነሐይለሉ፣ ብድምር ኣብ ሰለስተ ግምባራት ብፍላይ ከዓ መንግስቲ ትግራይ ካብ ጣብያ ጀሚሩ ክሳብ ክልል ዝገብሮ ዘሎ ዳግመ ውዳበ ብዝተተለመሉ ኣገባብ ንክዛዘምን፣ ኩሎም መደባት ንክዕወቱ ብዝለዓለ ወነ ክንረባረብን ወፅዓን ባርነትን ኣይንቕበልን፣ ክንብጠና ንዝደሊ ዝኾነ ሓይሊ ፍፁም ኣይንምብርከኽን- ቃል ስውኣትና ኣይነዕብርን!! ብምባል ሕድሕድ ትግራዋይ ቃሉ ደጊሙ ክሐድስ፣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብኽብሪ ይፅውዕ፡፡

**ዘለኣለማዊ ኽብሪ ንስውኣትና!!**
**ሕድሪ ስውኣትና ኣፅኒዕና ንመኸተ!**

**ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ**
**መቐለ 12 ሰነ 2012 ዓ/ም**

---

ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

## መፍረያይነት ሕርሻ ትግራይ ...

ምሩፅ ከምዝገለፅዎ፤ ብሰንኪ ሕማም ቫይረስ ኮሮና ፍርያት ሕርሻ ትግራይ ከይቐንስ ብዉድብ ጥዕና ዓለም እቲ ቫይረስ ዓለማዊ ተላባዲ ምኳኑ ካብ ዝተኣወጀሉ ጊዜ ጀሚሩ ክግበሩ ዝግብኦም ስራሕቲ ቅድመ ምድላዉ እናተፈፀሙ ከምዝመፅኡ ኣረዲኦም።

ብመሰረት እዚ መፍረያይነት ኣመልኪቱ ከም ክልል ኣብ ሰብ ሞያ ሕርሻ፣ ኣመራርሓ ጣብያን ሓረስቶትን ዝተፈለየ መርበባዊ ፍሰት ሓበሬታን ስርዓት ደገፍን ዘለዎ ኣወዳድባ ክህሉ ተገይሩ ይስራሕ ምህላዉ ኣገንዚቦም። ብፍላይ ንመስርሕ መርበብ (ኔትዎርክን ጉጅለ ልምዓትን ሓረስታይ ማእኸል ዝገበረ ጠለብን ቀረብን እታዎታት ከምኡ እውን ተግባራዊ ስራሕቲ መፈረያይነት ማእኸል ብምግባር ቢሮ ሕርሻ ሰብ ሞያ ናብ ወረዳታት ኣዋፊሩ ዝግባእ ደገፍ እናሃበ ከምዘሎ እዮም ኣይተ ሚኬኤል ዝሓበሩ።

እቶም ዳሬክተር ኣብ መብርሂኦም፣ "ካብ ከምዚ ዝበለ ኣወዳድባ ተበጊሱ ከምትግራይ ኣብዚ ዘመን ምህርቲ ብዝተፈላለዩ ዓይነታት ዝራእቲ ክሽፈን ትልሚ ተታሒዙ ዝስርሐሉ ዘሎ ስፍሓት መሬት ብኣናእሽተይ ሓረስቶት ሓደ ሚልዮንን 164 ሽሕን 137 ሄክታር እንትኸውን ብውልቀ ሰብ ሃፍቲ ዝሽፈን ድማ 158 ሽሕን 498 ሄክታር መሬት እዩ" ኢሎም። ካብቲ ኣጠቓላሊ ክዝራእ ትልሚ ተታሒዙ ዘሎ ሽፋን መሬት ቀንዲ "ዓንዲ ዝራእቲ" ዝበሃሉ ተነፂሮም ክዝርኡ እናተሰርሐ ከምዘሎ ዝሓበሩ ኣይተ ሚኪኤል፣ ንሳቶም እውን ዝራእቲ ቃንጫ፣ ብርዒ፣ ኣዕታርን ቅብኣን ተባሂሎም ተነፂሮም እዮም። ካብዚኦም ዝሰፍሐ ሽፋን ዝሓዘ ዝራእቲ ቃንጫ ኮይኑ ኣብ 584 ሽሕን 307 ሄክታር መሬት ብምዝራእ 17 ነጥቢ 9 ሚልዮን ኩንታል ፍርያት ክርከበሉ ዝተዋደደ ዕማም ይፍፀም ምህላዉ ገሊፆም። ምስጠለብን ቀረብን እታዎታት ተዛሚዱ እውን ብፍላይ ዘበናዊ ድኩዒ ኣብዚ ዘመነ ምህርቲ ናብ ሓረስቶት ክተኣታቶ ዝተትሓዘ ሸቶ 550 ሽሕ ኩንታል ምኳኑ እዩ ትልሚ መፍረያይነት ሕርሻ እቲ ቢሮ ዘረድእ። ካብዚ ትልሚ እዚ፣ ዛጊድ 455 ሽሕን 499 ኩንታል ናብ ወረዳታት ክጓዓዝ ዝተገበረ እንትኸውን ናብ ኢድ 59 ሽሕን 238 ሓረስቶት ኣትዩ ኣብ ረብሓ ዝራእቲ ኣዝመራ ዝወዓለ ድማ 150 ሽሕን 504 ኩንታል ምኳኑ ኣይተ ሚኪኤለ ገሊፆም።

ምስእዚ ተኣሳሲሩ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ጉንበት 2012 ዓ.ም ብዝነበረ ፀብፃብ ካብ ጠቕላላ ክዝራእ ዝተትሓዘ እቲ ኣስታት 50 ሽሕ ሄክታር መሬት ትግራይ ብዝራእቲ ኣዝመራ ተሸፊኑ ምህላዉ ተዛ ሪቦም።

ኣብ ቀረብ ዘበናዊ ድኩዒ ኣመልኪቶም ዝተዛረቡ ኣይተ ሚኪኤል፣ ስፍሕ ዝበለ ፀገም ዝርአየሉን ካብ ፌደራል ክሳብ ሕዚ ዘይተልኣኸን "ኤንፒኤስ" ዝበሃል ዓይነት መዳበርያ ኮይኑ ናብ 49 ሽሕን 824 ኩንታል ከመፅእ ዝግብኦ ክሳብ ሕዚ ከምዘይመፀ ሓቢሮም። ኣብ ጠለብ ምሩፅ ዘርኢ እውን ብዓይነታት ዝራእቲ ስርናይ፣ ጣፍ፣ ዕፉን፣ ሰሊጥን ምሸላን ድምር 13 ሽሕን 860 ኩንታል ናብ ሓረስቶት ትግራይ ክባፃሕ ትልሚ እዚ ዘመነ ምህርቲ ኮይኑ ይስርሐሉ ምህላዉ ተገሊፁ ኣሎ።

ኣጠቓላሊ ኣብዚ ዘመነ ምህርቲ ፍርያት ሕርሻን መፍረያይነትን ብዘሎ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ኩነታትን ቫይረስ ኮሮናን ከይተፀለወ ዕዉት ንምግባር መኸተና ብምሕያልን ዝተኣሳሰረ ርብርብ ብምግባርን ከምክልል 27 ሚልዮን ኩንታል ፍርያት ሕርሻ ንምርካብ እናተሰርሐ እዩ።

---

ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

## ገናሕቲ መካይን ትግራይ ...

መኪና ክሳፈሩ፣ መራሕቲ መካይን ድማ መከላኸሊ እቲ ሕማም ዝጠልቦ ኩሉ ናውቲ ሒዞምን ርሕቐቶም ሓልዮምን ተሰሪዖም ፍቓድ መውፅኢ ክወስዱ ስርዓት ብዘለዎ መንገዲ ከም ዝኣልይዎም ተዛሪቦም፡፡

ብተወሳኺ ገለ ካብቶም 50 ሚእታዊ ኣብ ሓንቲ መኪና ዝሳፈሩ ተጓዓዝቲ ኣብ መንገዲ እንትወርዱ ነዚኦም መተካእታ ተባሂሎም ኣብ መንገዲ ዝፀዓኑ ጥዕነኦም ዘይተነፀሩ ወገናት ብዘይሕጋዊ መንገዲ ካብ ካልእ ቦታ ዝሰረጉ ክኾኑ ስለ ዝኽ እሉ፣ ንዘይረብሕ ረብሓ ክብሉ ፅዒኖም እንተተረኺቦም ኩሎም 14 ማዓልቲ ዝውሸቡን ካልእ ቅፅዓት ክብየነሎምን ምኳኑ ክፈልጡ ይግባእ ኢሎም፡፡

ኣብ መወዳእታ ኣብ ውሱናት መራሕቲ መካይን ዝንፀባረቕ ሽለልትነት ዝተመልአ ምንቅስቓስ ፈለማ ንባዕሎምን ስድረኦምን ስዒቡ ንህዝቦም ዝሃሲ ሓደጋ ምኳኑ ብውነ ተገንዚቦም ካብዚ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራት ክቑጠቡ ምስ ኣታሓሳሰቡ ገለ ነዚ ዝምልከቶም ሰበ ስልጣንን ሰብ ሞያን እውን ነዚ ጉዳይ ኣፉኹሶም ክሪኡዎ ከም ዘይግባእ ምዒዶም፡፡

---

ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

## ሰማእታትና ሕድሮም ከይዓብር ...

ክጭፍጭፈካ እየ፣ ወዘተ. ዝብል ሓይሊ ውዳበና ኣጠናኺርና ንመኸተ ድልዋት ኢና ክብሉ እቶም ሓለፍቲ ኣብሪሆም፡፡

ሕድሪ ሰማእታት ከይንጠልም ኮሮና ቫይረስ ብምክልኻል መረፃ ክነካይድ ኣለና ዝበሉ እቶም መራሕቲ ማሕበራት ፤ ዘለናዮ እዋን ካብ ካልእ ግዜ ዝተፈለየ ብምኳኑ ልዕሊ ኩሉ መድሓርሓርቲ ሓይልታት ርእሶም ዘቕንዕሉ፣ ብመስዋእትን መጉዳእትን መላምል ደቂ ህዝቢ ዝተተኸለ ዴሞክራስያዊ ሕገ መንግስቲ ከፍርሱ ላዕልን ታሕትን ዝብልሉ ከቢድ እዋን ስለዝኾነ ውዳበታትና ብምጥንኻር ብኹለ መዳይ ክምከቱ ይግባእ ክብሉ ኣታሓሳሲቦም፡፡

ኣብ ትግራይ ዝተወደበ ህዝቢ፣ ዝተወደቡ ማሕበራት፣ ጠንካራን ብቑዕን መሪሕ ዉድብን ስጡም መስተውዓላይ ክልላዊ መንግስትን ኣሎ ፤ ነዚ ዓቕሚን ዕድልን ብዝግባእ እንተዘይ ተጠቒምናሉ ዋጋ ከኽፍለና ይኽእል እዩ ዝበሉ እቶም መራሕቲ፣ ነቶም ምስ ፀላእቲ ወጊኖም ንትግራይን ንህዝቢ ትግራይን ዝወግኡ ዘለዉ ተለኣኣኽቲ በሪ እንተይሃብና ብምቅላስ ሰላምናን ልምዓትናን ክነሐይል ይግባእ ኢሎም፡፡

ኣብ መወዳእታ ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ድማ መንእሰይ ትግራይ መሳርሒ ፀላእቲ ከይኸውን ሎሚ እውን ከምትማሊኡ ቆፃሕ ኮይኑ ሰላሙ ክሕሉ ይግባእ፡፡ ህዝቢ ትግራይ፣ መንእሰይ ትግራይ ጫማ ፀላእቱ ክልሕስ ኣይብሉን፡፡ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ባዕሉ ንባዕሉ ኣባኢሶም ክፈላልዩዎ እዮም ዝፅዕሩ ዘለዉ፡፡ መንእሰይ ክነቐሻሎም ይግባእ፤ መሳርሒኦም ክኸውን ኣይብሉን፡፡ ንህዝቢ ትግራይ ዝሓልዩ እንተዝኾኑ ዝኹሉ ትግራዋይ እንትጭፍጨፍ፣ እንትቕተል፣ ንብረቱ እንትቃፀል፣ መንገድታት እንትዕፆ፣ እንትእሰር ፍትሒ ምሃቡ ነይሮም ዝበሉ እቶም ወሃብቲ ርኢቶ፤ ንህዝቢ ትግራይ ሕልፊ ተጠቃሚ ንምምሳል፣ ህዝቢ ትግራይ ርጉም ገይርካ ክሕሰብ፣ ወዘተ. ዝበሉ ብመንግስቲ ዝውነና መራኸብቲ ሓፋሽ ብምጥቃም ከፀልምዎ ዝውዕሉን ዝሓድሩን ዘለዉ ደመኛ ፀላእቲ ህዝቢ እዮም ኢሎም፡፡ ህዝቢ ትግራይ እዚ ተረዲኡ "ውሕጅ ከይመፀ መንገዲ ውሑጅ ፅረግ" ከም ዝበሃል ብንቕሓት ክምክቶም ይግባእ ኢሎም፡፡

ልሳነ ጥበብ
ትሕዝቶታት ኪነ ጥበብን ስራሕቲ ከየንትን ዘተኣናግድ መደብ

# ብዓይኒ ሃወፅቲ

ብመስፍን ገ/ትንሳኤ



ቀንዲ ሃፍቲ ቱሪዝም ትግራይ፡- እንብሎ ውሑስ ሰላም፣ ውሕስና በፃሕትን ተቐባሊ ጋሻን ዝኾነ ህዝቢ እዩ። ብድሕሪኡ ታሪካዊ፣ ባህላዊን ተፈጥራውን መስሕባት እዮም። ታሪካዊ መስሕብ እንብሎም፣ ምስ ጥንታዊ ታሪክ ዝተኣሳሰሩ፣ ሓያሎ ዘበናት ዘቑፀሩ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ኢኮኖምያውን መነባብሮን ምዕባለታትን ትግራይ ዝግለፀሎም ሓድግታት እዮም።

ቱሪዝም ብዝምልከት "ትግራይ" ዝብል ብባህልን ቱሪዝምን ክልልና ዝተሰናደአ ኣብ ገፅ ቁፅሪ ሮማውያን 4 "ትግራይ ብስልጣነን ታሪክን መብፀሓይነት ዓለም ለኻዊ ተቐባልነት ረኺቦም ሽሞም ተቐባልነት ረኺቡ ኣብ ዓለም ሽሞም ካብ ዝፅውዑ ውሑዳት ትግራይ ፍልፍል መቦቆል ስልጣነ ኢትዮጵያ ካብ ዝኾኑ ክልላት ብኣብነትነት ሽማ ኣብ ቅድሚት እትፅራሕ እያ።

ኣብዛ ክልል ኣሰራት ጥንታዊ ስልጣነን ታሪክን ዝኾኑ ብርክት ዝበሉ ሃፍትታት ቱሪዝም ኣለዉዋ። ንሳቶምውን ታሪካዊ፣ ባህላውን ተፈጥራውን መስሕባት እዮም።

ታሪካዊ መስሕባት ዝውከሱ ኣብ ታሪክ እዮም። ስለዝኾነ ድማ ታሪካዊ መስሕባት ይበሃሉ። ከምዝፍለጥ ትግራይ ካብ ታሪክ ኢትዮጵያ ነቶም ፈላሞት 1100 ዓመታት ብመሪሕነት ደረጃ መበቆል ጥንታዊ ስልጣነ ኮይና እናመርሐት መፂኣ። መረዳእታ ታሪክ ኳዕቲ ኣርኪዮሎጂ ከም ዝሕብሮ፣ ኣብ ታሪክ ሃገርና ዘበነ መሪሕነት ዝባሃል፣ ማእኸል ስሕበት ግዝኣቶም ይሓ ኮይኑ ካብ 8ይ ክሳዕ 1ይ ዓመተ ዓለም ዝተሓምበበ እዩ።

ስዒቡ ዝመፅአ ካብ 1ይ ክሳዕ 8ይ ክፍለ ዘበን ድማ ስልጣነ ኣክሱም እዩ። እዙይ ንታሪክ ዝምልከት እንትኾን ታሪካዊ መስሕባት ይጥምት። ብመሰረትዚ ከም ፣ ነቶም እናጠፍኡን እናተረስዑን ዝሐከዱ ዘለዉ ሓድግታት፣ ሕዚ ኣብ ከመይ ዝበለ ብርኪ ይርከቡ? እንታይ ዝጎድሎም ነገር ኣሎ? ከመይ ክመሓየሹ ይግባእ? ዝብል፣ እዚኦም ኩሉ ሕ/ሰብ ክፈልጦምን ናብ ዝለዓለ ብራኸ ክጉልብቱን ንምግባር፣ ዝተፈላለዩ ምድላዋት ዝሓዘ ምርኢት ጎደና (ካርኒቫል) ይሳለጡ እዮም።

ህዝቢ ትግራይ ከም ይሓን፣ ኣክሱምን ካልኦትን ዝበሉ ሱር መንግስታት ባዓል ናይ እዩ። ምስ ጥንታዊ ስልጣነ ይሓ ካብ ዝተኣሳሰሩ ከባብታት፣ ቤተ ሙክራብ ይሓን ዓዲ ኣኻውሕን ከም ኣብነት ይግለፁ። ምስ ስልጣነ ኣክሱም ዝተኣሳሰሩ ሓወልትታት፣ ኣብያተ መንግስትን መቓብራትን ኣለዉ።

እዚኣቶም ካብ መበል ራብዓይ ክሳዕ 15 ክፍለ ዘበን ብዝናኣድ ጥበብ ዝተሃነፁ እዮም።ልዕሊ 120 ውቕር ኣብያተ ክርስትያናት፣ ንልዕሊ 1000 ዓመት ግልጋሎት ክህቡ ዝፀንሑ ገዳማትን ኣብ ውሽጦም ዝርከቡ ንዋየ ቅዱሳትን ተጠቀስቲ ታሪካዊ መስሕባት ትግራይ እዮም፡፡

ባህላዊ መስሕባት፣ ካብ ዝበሃሉ ኣከባብራ ሃይማኖታዊ ባዓላት፣ ኣከዳድና፣ ኣገያይፃ፣ ኣመጋግባ፣ ምትሕግጋዝን ዝኣመሳሰሉን ይርከቡዎም። ትግራይ መእተዊ ልዳት (በሪ) ሃይማኖታት እያ።ኣብ ዓለምና ካብ ጥንቲ ክሳዕ ሕዚ ብሚልዮናት ዝቑፀሩ ኣመንቲ ሃይማኖት፣ ዝነበርዎን ዘለዉዎን ሃይማኖት ኣሎ።ንኣብነት ኦሪት፣ ክርስትናን እስልምናን ብጎደና ትግራይ ገይሮም ናብ ኢትዮጵያ መፂኦም፣ ናብ ኩሉ ኣንፈት ከም ዝተጋፍሑ መወከስታት ይሕብር። እዙይ ንሃይማኖታዊ በዓላት መስቀል፣ ጥምቀት፣ሆሳእና፣ ኣሸንዳ፣ ... የጠቓልል።

ከም ትውፊት ዝበሉ ድማ ኣብ ባህላዊ መስሕብ ይካተቱ። ንምኺኑ ትውፊት እንታይ እዩ? ስነ ቱሪዝም ዝብል ሱር ቃል፣ በፅሐ ካብ ዝብል ከም ዝነቐለ መወከስታት ይምስክሩ። ብዘየላጡ ምዝራብ ዝካኣል ግና እዘን ብሕታውያን ሃይማኖታዊ ትውፊት ህዝቢ ትግራይ ምኺነን፣ ኣብ ልሳን ዓበይቲ ዓዲ እውን ተሰኒደን ዝርከባ መጨበጢ ዝርከበለን ሓቂ እየን፡፡

ትውፊት፣ ዝብል ካዓ ኣወፈየ ካብ ዝብል ቋንቋ ግእዝ ከም ዝነቐለ ይፍለጥ። ስለዚ ትውፊት፡- ዝብል ቃል ግእዝ "ኣወፈየ" ከም ማለት እዩ። ኣወፈየ እንትንብል ክልተ ሓሳባት ንግንዘብ፤ በቲ ሓደ ወገን ኣረከበ፣ ሃበ፣ ኣውረሰ፣ እንትኸውን እቲ ካልኣይ ትኹረት ድማ መንገዲ ምትሕልላፍ ዘርኢ ኮይኑ ቃላዊ ምትሕልላፍ ይጥምት፡፡»

(ኣለማዮ ሃብተ፣ ፎክሎር፣ 2-4)

ካብቲ ሕሉፍ ናብ ዝቐፅል ወለዶ ዝመሓላለፍ ሓተታ ተፈጥሮ፣ ኣፈ ታሪክ፣ ባህሊ፣ ልምዲ፣ ብሂል፣ ንግግራዊ ኣገባብ፣ ትእምርቲ፣ ባህላዊ ፍልቀት ቃል፣ ኣደላልዋ ምግቢ፣ ባህላዊ ምህንድስና፣ ቅርፅታት፣ ፍልፍል ኣኻውሕ፣ ፅሑፋት ብራናን ወተ ኢልካ ምግላፅ ይካኣል፡፡

ቋንቋ ሓደ ካብ ባህላዊ መስሕባት ዝኾኑሉ ምክንያት ብቋንቅ ኣቢሎም ዝመሓላለዩ ቁም ነገራት ስለዘለዉ እዮም። ህዝቢ ትግራይ ሰለስተ ቋንቋታት ዝወነነ እንትኾን፣ ኣብ ክልላዊ ምምሕዳር



ተምሃሮ ኣ-ቡ-ጊ-ዳ (ዛቑኖት) ካብ ሃፍቲ ቋንቋታት ትግራይ ሓደ ዝኾነ ግእዝ እንትማሃሩ

ትግራይ፣ ናይ ስራሕ ቋንቋ በቲ ሕ/ሰብ ብስፍሓት ዝዝረበሉ ቋንቋ ትግርኛ እዩ። ምስኡ ተኣሳሲሩ፣ ብሄረሰብ ኢሮብ ዝዛረብዎ ቋንቋ ሳሆን ብሄረ ሰብ ኩናማ ዝዛረቡዎ ኩናምኛን ዝሓቑፈ ስለዝኾነ እዩ ሰለስተ ቋንቋታት ዝዝረብሉ ክልል ዝበልናዮ።

ተምሃሮ ኣ-ቡ-ጊ-ዳ (ዛቑኖት) ካብ ሃፍቲ ቋንቋታት ትግራይ ሓደ ዝኾነ ግእዝ እንትማሃሩ

ትግራይ ኣብ መፃኢ ዘበን ወደር ዘይርከባ ተሃዋፂት ከም ትኸውን ዘለዉዋ ታሪካዊ ሓድግታት ርኢኻ ምድምዳም ይካኣል። እዛ ክልል ኣብ ዓይኒ ሃወፅቲ እናገዘፈት ተኸይድ ዘላ ምኺና ኩሉ ዝፈልጦ ተርእዮ እዩ። ሕዚ ዝተርፈና ዘለዉና ኩሉ መዳይ ሓድግታትና ብዝግባእ ኣብ ምፍላጥ ዕቱብ ስራሕ እትንስራሕ ስለ ዝኾነ ኩሉ በቢ ዘለዎ ኩር ናዕ ኣብ ምፍላጥ ዓውዲ ክሳተፍ እንተኽኢሉ እዩ ዝብል መልእኽትና እዩ፡፡



በፃሕቲ ኣብ ቤተ ሙክራብ ይሓ ዑደት እንትገብሩ

...ካብ ገፅ 13 ዝዞረ

6፡00 ንክትጫረቱ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲ ኣይተ ብርሃኑ ወረደ ተስፋይ

ኣፈ/ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣፀደ ሰባጋድስ ገ/ስላሴ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ጉዳይ ኣመልኪቱ ብሽም ኣፈ/ኸሳሲ ኣይተ ብርሃኑ ወረደ ተስፋይ ዝፍለጥ ኣብ ክ/ከ/ሓወልቲ ጣብያ ዓ/ሽምድሑን መፍለይ ቦታ ጥዕና ጣብያ ዓ/ሽምድሑን ፊት ለፊት እትው ኢልካ መናፈሻ ፓርክ ወይ ጥቃ ቤተ ንዋም ሃሌሉያ መደቀሲ ዝርከብ G+1 ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ ብምብራቅ ሪታ ጆርጆ ፣ ብደቡብ መንገዲ ፣ ብሰሜን ኣስፋሃ ገሰሰ ፣ ብምዕራብ ማሕበር ድንቅነሽ ዝዋሰን ስፍሓቱ 175 ካ/ሜትር ኮይኑ ብመበገሲ ዋጋ 2,079,944.23 /ክልተ ሚልየንን ሰበዓን ትሽዓንተን ሽሕን ትሽዓንተ ሚኢትን ኣርባዓን ኣርባዕተን ቅርሽን ብር ምስ 23/100 ሳንቲም ቤት ፍርዲ ክጫረት ስለ ዝኣዘዘ ዝጫረት ኣካል እንተሃልዩ ንዕለት 16/11/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ6፡00 ኣብቲ ዝተጠቐሰ ግዜን ቦታን ተረኺብኩም ንክትጫረቱ ሰዓራይ ጨረታ 25% ከትሕዝ ዝኽእል ዝተረፈ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ጠቕሊሉ ክኸፍል ዝኽእል ምዃኑ ቤት ፍርዲ ክ/ከ/ሓወልቲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓወልቲ**
**ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ፡- ዓ/ሕጊ ተኸሰስቲ ፡- 1.ኣይተ ሃፍቶም ገ/ሚካኤል ደስታ ፣ 2.ኣይተ ገ/ሄር ሓጎስ ኣለማዮ ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ክትዕ 2ይ ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣሊሽኩም ክትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 22/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ክብል ሰ/ወ/ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰሜን**
**ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ገ/ሃንስ ሃይል ኣብርሃ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 26/10/2012 ዓ/ም ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ከተማ መቐለ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ 1. ኣይተ ብንያም ተስፋይ ካሕሳይ መንጎ ብዘሎ ናይ ክትራን ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 22/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲ ፡- ኣይተ ኣፅበሃ ኢታይ

ኣፈ/ተኸሳሲት ፡- ወ/ሮ ኣበባ ግደይ ኣብ መንጎ ዘሎ ብናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ጉዳይ ኣመልኪቱ ኣብ ክ/ከ/ሓወልቲ ጣብያ ህዳሴ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲት ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ስፍሓቱ 175 ካ/ሜትር ዝኾነ መዋሰኒኡ ብምብራቅ F06 ንF05 ፣ ብምዕራብ መንገዲ ፣ ሰሜን 119 ፣ ደቡብ 121 ብመበገሲ ዋጋ 857,395.45 (ሸሞንተ ሚኢትን ሓምሳን ሸውዓተን ሽሕን ሰለስተ ሚኢትን ቴስዓን ሓሙሽተን 45/100 ሳንቲምን ) ብር ክጫረት ስለ ዝተደለየ እቲ ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 22/11/2012 ዓ/ም ስለ ዝኾነ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ሰዓትን ቦታን ተረኺብኩም ንክትጫረቱ ሰዓራይ ጨረታ 25% ከትሕዝ ዝኽእል ከምኡ እውን ኣብ 15 መዓልቲ ጠቕሊሉ ከኣቱ ዝኽእል ምዃኑ ቤት ፍርዲ ሓወልቲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓወልቲ**
**ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ከተማ መቐለ

ተኸሳሲ 1. ዳዊት ወ/ገሪማ ብርሃነ ኣ/ሻ ክ/መ/ክ/ከ/ሓወልቲ ጣ/ሓየሎም ቁ 3 መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 30/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 5፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ - ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ - ኣይተ ኣበራ ኣስማረ ዘመን ኣድራሻ ከተማ መቐለ ፣ ክ/ከተማ ሰሜን ፣ ጣብያ የካቲት ፣ ቀጠና ወርዒ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ጉዳይ ኮይኑ ተኸሳሲ መዝገብኩም ኣብ ከይዲ ስለ ዝርከብ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 23/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ ኣብ ግዜ ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ከምዝወሃበሉ ነፍልጥ ክብል ሰሜን ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰሜን ምድብ መጋባእያ**

ከሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ 1 ኣይተ መብራህቱ ተስፋይ ተ/መድህን

2 ኣይተ ሸዊት ገ/ማርያም ግርማይ ኣብ መንጎኹም ብዘሎ ናይ ክትራን ገበን ጉዳይ ንምዕራይ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ተፃሒፍልኹም ትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ሕዚ እውን እዚ መቓለሕ ጋዜጣ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 25/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ናብ ዓዲ ሓቂ ወረዳ ቤት ፍርዲ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ ዓዲ ሓቂ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓዲ ሓቂ ምድብ መጋባእያ**

ብኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ሚኪኤል ኣብርሃ ረዳ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ክትራን ገበን ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቀዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለዝተመስረተኩም ንዕለት 25/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኻኑ ቤት ፍርዲ ቀዳማይ ወያነ ኣዚዙ ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ተወልደ በየነ ተመስገን

ተኸሳሲ የውሃንስ ተስፋይ ሞንጎ ብዘሎ ብናይ ገንዘብ ክትዕ ጉዳይ ተኸሳሲ ናይ ሞተር ክራይ ክፍልት ንክኸፍል ስእነዮ ናይ ቤት ፍርዲ መፀዋዕታ ንክህቦ ሰለዝበሉ ተኸሳሲ ካብ ክፍሊ ሬጅስተራር ክሲ ንክወስደን ንዕለት 9/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቐርቡ ቀዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ቤት**
**ፍርዲ ፍታበሄር መጋባእያ**

መመልከቲ፡- ኣይተ ካሕሳይ ገ/የሱስ ረዳ

ተፀዋዒቲ ፡- 1 ኣይተ ተክሊት ገ/ሚኪኤል ኣለማዮ

2 ኣይተ ይብራህ ገ/ሚኪኤል ኣለማዮ

ኣብ መንጎኹም ብዘሎ ብኣፈፃፀም ክትዕ ተፀዋዒቲ ኣብ ሰበር መጋ/ክ/ት/ክትዕን ውሳነን ጥርዓን መዝ ገብ ዝቀረበኩም ምኻንኩም ፈልጥኹም ንዕለት 06/11/2012 ዓ/ም ልክዕ ንጉሆ ሰዓት 2፡30 ናብ መቐለ ሰበር መጋ/ቐሪብኩም ቓል ክትዕ ንክተካይዱ እንድሕር ቀሪብኩም ቓል ክትዕ ዘየካየድኩም ግን መዘገቡ ብዘየለኩምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኻኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ**
**ክልል ትግራይ**

ብሽም እኒ መንግስቱ ገ/ሃወርያ በላይ 137 ቁ.ሰባት ኣብ ጣብያ መለስ ቁሸት ዓዲ ቆላቁል ነባር ትሕዝቶ ኮሚቴ ብነባር ትሕዝቶ ዝሓዝዎ መሬት ይግበኦም እዩ ይፀነዐሎም ኢሉ ወሲኑ ስለ ዘሎ ኣብ ክ/ከተማ ሰሜን ገዛን ቦታን ብነባር ትሕዝቶ ፣ ብዕድጊት ፣ ብውህብቶ ፣ ብድርጅት ይፅናዕ ስለ ዘሎ ተቓዋሚ እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 ናይ ስራሕ መዓልቲ ክቐርብ እንተዘይኽኢሉ ግና ብሽም እኒ መንግስቱ ገ/ሃወርያ በላይ 138 ቁ.ሰባት ዋንነት ተሰሪሑ እነመሓድሮም ምዃና ንሕብር ፡፡

ቁሸት ዓዲ ቆላቁል ትሕዝቶ መሬት

| ሪጋ | ሽም ዝርዝር | ዓይነት ትሕዝቶ | ስፍሓት መሬት |
|---|---|---|---|
| 1 | መንግስቱ ገ/ሃወርያ በላይ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 2 | ለገሰ ካሕሳይ ሃይሉ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 3 | ኣቶ ገ/ሔር ኪዳኑ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 4 | ኣቶ ገ/ትንሳኤ ኣለሙ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 5 | ኣቶ ብርሃኑ ኣፅብሃ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 6 | ኣቶ ተክላይ ወ/ትንሳኤ ኣፅብሃ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 7 | ወ/ሮ ብረይ ዓውድ ደረሳና ከርያ ኣሕመድ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 8 | ኣቶ ሃ/ማርያም ክሕሸን | ብዕድጊት | 20*20 |
| 9 | እኒ ወ/ሮ ሄለን ተክላይ ገ/ፃድቅ | ብዕድጊት | 10*20 |
| 10 | ኣወዘነሽ ክፍሉ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 11 | ሙሉጌታ የማነ ደስታ | ብዕድጊት | 15*20 |
| 12 | ፀጋይ ገ/ተክለ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 13 | ሓጎስ ገ/ሥላሴ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 14 | ካሕሱ ገ/ሃንስ | ብዕድጊት | 10*20 |
| 15 | መሓሪ ሙሩፅ | ብዕድጊት | 10*20 |
| 16 | ልበሎ ገ/ሥላሴ ና ሓጎስ ገ/ስላሴ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 17 | መ/ር ሙሉ ሓድጉ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 18 | መሰለ ተስፋይ እና ኣማረ ደስታ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 19 | ሃለቃ ገ/መድህን ገ/ማርያም | ብዕድጊት | 20*20 |
| 20 | ተኸላይ ኣረጋዊ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 21 | ገዛኢ ገ/ፃድቕ እና ሓሎፎም ገ/ፃድቕ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 22 | ኣይተ ጨርቆስ ደስታ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 23 | ስብሃት ገ/ፃዲቅ | ብዕድጊት | 10*20 |
| 24 | ኣዝመራ ኪሮስ ወልዱ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 25 | ወ/ሮ ፅጌ ኣብርሃ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 26 | ዘውዲቱ ህንደያ | ብዕድጊት | 10*20 |
| 27 | ሃለቃ ገ/ሄር ኪሮስ | ብዕድጊት | 10*20 |
| 28 | ንጉስ ኪሮስ ኣሰፋ | ብዕድጊት | 10*20 |
| 29 | መርጌታ ተክሉ ገ/ማርያም | ብዕድጊት | 10*20 |
| 30 | ኣበባ ገ/መስቀልእና ኪሮስ ገ/መስቀል | ብዕድጊት | 20*20 |
| 31 | ትርሓስ ሕሉፍ ልዑል | ብዕድጊት | 20*20 |
| 32 | ተስፍ ገ/ሂወት | ብዕድጊት | 20*20 |
| 33 | ሐዱሽ ህንደያ | ብዕድጊት | 10*20 |
| 34 | ሃፍቶም ስብሃቱ ገ/መስቀል | ብዕድጊት | 20*20 |
| 35 | ኪዳነ ሃይሉ ሐጎስ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 36 | ወ/ሮ ፅጌ ገ/መድሕን | ብዕድጊት | 20*20 |
| 37 | ረዳኢ መሓሪ በርሃ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 38 | ስላስ ወልዱ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 39 | ፍስሃ ይደግ ቁ3 ሰባት | ብዕድጊት | 20*20 |
| 40 | ዘብረሃነ ገ/ሃንስ | ብዕድጊት | 10*20 |
| 41 | ሃ/ኪሮስ ረዳ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 42 | ሓዳሽ ኣብርሃ ገ/የሱስ | ብዕደጊት | 20*20 |
| 43 | ጊደይ ገ/መድሕን | ብዕድጊት | 20*20 |
| 44 | ፀጋይ በላይ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 45 | ኣታክልቲ ወልዱ ታፈረ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 46 | ወ/ሮ ስላስ ተስፋይ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 47 | ኣለምሰገድ ሓዱሽ እና ምንኣሰቦ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 48 | ኣባዲት ጊደተ | ብዕድጊት | 20*20 |

ናብ ገፅ 9 ይዘውር ...

# ውሕስና ምግቢ

እዚ ዓምዲ ብሉፃት ምህዞታትን ስራሕትን ዘፈር ሕርሻን ዝተኣናገደሉ'ዩ


ብመስፍን ገ/ትንሳኤ



ዝግባእ እታዎታት ብምጥቃም መሬት ምልስላስ !



ማሕረስ ወጋኒጉ ናብ ዘርኢ ገፅ ዘበለ ሓረስታይ !

## " ሕድሪ ስውኣትና ኣፅኒዕና ንመኽተ !!



ካብ ባልዕን ፃህያይን ነፃ ዝወፀ ዘራእቲ ምውናን !



ብኽነት ዘየተባብዕ ሓረስታይ ክፍጠር ፃዕሪ ምክያድ !

# ብስልጣነ ኣክሱማውያን ንምካሕን ዕቃቤኦም ንተግህ!

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ህዝቢ ትግራይ ብስርዓት ደርጊ ዝበፅሖ ወፅዓ ካብ መሰረቱ ንምምሓው ዝገበሮ ብረታዊ ቃልሲ በብጊዚኡ ዓወታት ኣመዝጊቡ። በዚ ዝሓረረ ስርዓት ደርጊ ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ዝካኣሎ ኩሉ ገይሩ። ህዝቢ ብቀትርን ለይትን ኣብ ዝተኣከበሉ ደብዳብ ነፈርቲ ብምክያድ ጨኻንኡ ንዓለም ኣርእዩ። ካብቶም ጭካነታት ሓደ ህዝቢ ሓውዜን ዓዲ ሰላም እያ ኢሉ ሰነ 15 ንዕዳጋ ኣብ ዝወፀሉ ጊዜ ደብዳብ ነፈርቲ ብምክያድ፣ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ 25 ሽሕ ህዝቢ ሓውዜን ብነፈርቲ ደብዲብዎም። እዚ መስካሕክሒ ተግባር ደርጊ ዓፅምን ደምን ሰብን እንስሳን ንምፍላይ ኣዝዩ መፀገሚ ነይሩ። ሰነ 15 ነዚ ምኽንያት ብምግባር በብዓመቱ ይዝከር ኣሎ። እቲ ተግባር ንህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ኣሐሪንዎም እምበር ኣይንበርከኾምን።

መናእሰይ ትግራይ ኣያታቶም ዝተሰውእሉ ዕላማ ብምሕንጋጥ ብኩሉ መዳይ ዓባይን ብቴክኖሎጂ ዝማዕበለትን ትግራይ ንምፍጣር ፀዓ ርዓር ይብሉ ኣለዉ። ካብዚኦም ገሊኦም ኣብ ኮሌጅ ማይክሮ ሊንክ መቐለ ራብዓይ ዓመት ተምሃሮ ሶፍትዌር ኢንጅነሪንግ ዝኾኑ ማሕበር ጂዲኣይ ቴክኖሎጂ ብምምስራት ዘበናዊ ቴክኖሎጂ ትጥቀም ትግራይ ንምፍጣር ግዲኦም የበርክቱ ኣለዉ። ነታ ማሕበር ዝመስረትዋ ከምቲ ወለድና "ዝሓበራያ ኣፃብዕትስ ኣርቃይ የፅምብዓ" ዝብልዎ ብሓባር ኮይኖም ውፅኢታዉነቶም ንምዕባይን ብርክት ዝበሉ ምህዞታት ንምምሃዝ ምዃኑ ኣቦ መንበር ማሕበር ጂዲኣይ ቴክኖሎጂ መንእሰይ ፅጋቡ ኣባይ ይገልፅ።

ዕላማን ረብሓን እቶም ዝመሃዝዎም ሰለስተ ሶፍትዌራት ተገዳስነት ኣመራርሓ እንተሃልዩ ኩለን ኣብያተ ፅሕፈት፣ ቢሮታት፣ ጣብያታትን መዛጋጃቤትን ትግራይ ዘበናዊ ኣሰራርሓ፣ ዘበናዊ መረዳእታ ኣተሓሕዛን ግልጋሎት ኣወሃህባን በቲ ሶፍትዌር ኣቢለን ከተኣታትዋ ብምግባር በዚ ህዝቢ ስሉጥ፣ ፅፉፍን ግልፅን ግልጋሎት ረኺቡ ከዓግብን መረረት ሕማቕ ኣወሃህባ ግልጋሎት ሙሉእ ብሙሉእ ክጠፍእ ንምግባር እዩ።

እዚ ፈለማ ብበዝሒ ህዝቢ ኣብ ዝግልገለለን ኣብያተ ፅሕፈት ከም ሓይሊ መብራህቲ፣ መንገድን መጓዓዝያን/መዘወሪ ፍቓድ ኣዋህባን ሪጋን/፣ መዛ ጋጃ ቤትን ቀበሌታትን ዘሎ ድሑር ኣተሓሕዛ መረዳእታ፣ ግልጋሎት ኣባህዋን ካሊእን ዘድልየን ሶፍትዌር ብምትእትታዉን ዳታ ቤዝ ማለት ማእ ኸል ሓበሬታ ክህልወን ብምግባር፣ መረዳእታ ህዝቢ ብፅሬትን ፅፈትን ብምሓዝ ህዝቢ ነዚ እንትደሊ ኣብ ደቓይቕ ግልጋሎት ክረክብ ንምግባር እዩ።

እቲ ሶፍትዌር መንግስቲ በብዓመቱ መረዳእታ ንመትሐዚ እናበለ ዝሰልዖ በጀትን ወረቐት እናደለኻ ምንባርን ካሊእን ክተርፍ ዝገብር እዩ። ምኽንያቱ ሶፍትዌር ሓደ ጊዜ እንተተኣታትዩ ምድጋም ኣየድልዮን እንተደሊኻ ግን ተዝምኖ ኢኻ ነዚ ድማ ወፃኢኡ ኣዝዩ ንእሽተይ እዩ። ብሓፈሻ ረብሓ እቶም ሶፍትዌራት ንህዝቢ ጥራሕ ዘይኮነ ንመንግስቲ እውን ፉፍ ክብል ዝገብሩ እዮም። እዚ ብምዃኑ ቢሮ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ክልልና ኣድላይነትን ፅሬትን እቶም ምህዞታት ብምርኣይ ኣፍልጦን ተቐባልነትን ረኺቦም። እቲ ማሕበር መረጋገፂ ሰርቲፊኬት ተዋሂቡ እዩ።

እቲ ቴክኖሎጂ ሕድሕድ ኣብያተ ፅሕፈት እውን ዘራኽብ ስለዝኾነ፤ ተገልጋሊ ካብ እገለ ቤት ፅሕፈት፣ ቀበሌ ወዘተ መረዳእታ ኣምፅእ ምባል ኣየድልዮን። ሰራሕተኛ እተን ኣብያተ ፅሕፈት ባዕሉ ኣብ ቢርኡ ኮይኑ ከረጋግፆ ይኽእል እዩ። እዚ ናይ ሓሶት መረዳእታ ክተርፍ ዝገብር እዩ። ምኽንያቱ ሕድሕድ መረዳእታ ነናይ ባዕሉ ምሽጥራዊ መፍለይ ቁፅርን ካሊእን ስለዝግበረሉ እዩ ይብሉ።

ህዝቢ ግልጋሎት መዘጋጃቤትን ካልኦትን ንም ርካብ ተራ ሒዙ ስለዝውዕል እቲ መፍትሒ ኢሎም ዝሰርሕዎ ሶፍትዌር እውን "ሪጋ ወይ መስ መር" ዝብል ስያመ ሂቦሞ ኣለዉ። እቲ ምህዞ ኣብ መሬት ብዝቐበር ገመድን ከምኡ እውን ብቀጥታ ብኣየር ወይ ብኦንላይን ዝሰርሕ እውን ስለዝኾነ እዩ። ሎሚ ስራሕ ዘሳልጡ ቴክኖሎጂ ምትእትታዉን ምጥቃምን መማረፂ እንተይኮነስ ግድን ዝኾነሉ ጊዜ በፂሕና ኣለና። ክልልናን እዛ ሃገርን ምስ ካልኦት ሃገራት ብኩሉ መዳይ ክተነሓናሕ እንተኾይና ተነኣሰ ቀሊል ወፃኢ ዘለዎም ቴክኖሎጅታት ምጥቃም ኣድላይን ተመራፅን እዩ።

እቲ ሶፍትዌር ተገልገልቲ ኣብ ሞባይሎም ስለዝፅዕንዎ፣ ኣብ ገዝኦም ኮይኖም መልእኽቲ ናብቲ ቤት ፅሕፈትን መዛጋጃቤትን ብምስዳድ ብቅደም ስዓብ እቲ መልእኽቲ መሰረት ቑፅሮ ክሒዙ ብምግባር፤ ስዓትን መዓልትን ቑፅረኦም በቲ ሶፍትዌር መልዕኽቲ ስለዝንገሮም ተገልገልቲ ስርሖም እናሰርሑ ውዒሎም ኣብታ ቑፅሮ ስዓት ብምምፃእ ግቡእ ግልጋሎት ክረኽቡ ዝገብር እዩ።

ኣባላት ማሕበር ጂዲኣይ ቴክኖሎጂ ካብ ዝሰርሕዎ ሶፍትዌር ብተወሳኺ ንስርዓት ምምሃር ምስትምሃር ዝሕግዝ እዩ። ብፍላይ ሎሚ ብሰንኪ ቫይረስ ኮረና ኣብያተ ትምህርቲ ተዓፅየን ስለዘለዋ ጊዜ ድማ ክጠፍእ ስለዘይብሉ መምህራንን ተምሃሮን ኣብ ገገዝኦም ኮይኖም ዝመሃሃርሉ ዕድል ዝፈጥር ኣሰራርሓ ሚሂዞም ኣለዉ። እዚ ምህዞ ሎሚ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኒኮላስ ኣተኣታትየሞ ኣለዉ። እዚ ሶፍትዌር እቲ ቤት ትምህርቲ መምህራን ብኦን ላይን /ብቀጥታ/ ምምሃር ምስትምሃር ክካየድ ዘኽእል እዩ። ናይቲ ቤት ትምህርቲ ድህረ ገፅ ስለዝተሰርሐሉ። ነዚ ተምሃሮ ኣብ ዩትዩብ ኣትዮም ክረክብዎ ይክእሉ እዮም።

ካልኣይ ዝሰርሕዎ ሶፍትዌር ናይ መለለይ መንነት መመዝገብን መረዳእታ መቐመጥን እዩ። ነዚ ዝመሃዝዎ ህዝቢ መቐለ 70 ካሬ ንክምዝገብ ዝተፈ ላለዩ መረዳእታታት ክካብ ቦትኡ ኣምፅእ እናተበሃለ ናፍትን ናብትን ክብል ከሎ ብፍላይ መለለይ መንነት ዝጠፍኦም ሓዱሽ ንክወሃቦም ዘጋጥሞም ዝነበረ ውረድ ደይብ ኣዝዩ ከቢድ ብምንባሩን ገለ መደናገርቲ ነበርቲ ካልኦት ከተማታት ድማ ገንዘብ ከፊሎም መለ ለይ መንነት ብምውፃእ ዝተፈላለየ ነገር ይጥቀምሉ ኣለው፡፡ ነዚ ምድንጋር ደው ክብል ኣብ ምግባር ዓብዪ ግደ ከምዘለዎ ይገልፁ።

ስያመ ናይዚ ሶፍትዌር ድማ "ምዕቡል ምሕደራ፣ ኣታሕዛ መረዳእታን ኣዋህባ መለለይ መንነትን" ዝብል እዩ። እዚ ቴክኖሎጂ ብምጥቃም ሓደ ተገልጋሊ ኣብ ደቓይቕ ግልጋሎት ክረክብን ክዓግብን ዝገብር እዩ። ቅድሚ ሕዚ ኣብ ዓዲ ሽምድሑን ህዝቢ መለለይ መንነት ንምውሳድ ንምሕዳስን ካሊእ ግልጋሎት ንምርካብ ሪጋ ሒዙ ግልጋሎት ከይረኸበ ዝምለሰሉ ኩነታት ነይሩ።

እቶም መናእሰይ ኣብ ዓዲ ሽምዱሑን ልዕሊ 13 ሽሕ ባሕሪ መዝገብ ኣብ ሓደ ወርሒ ኣብቲ ሶፍትዌር መዝጊቦም ወዲኦም ኣረኪቦም ኣለዉ። እዚ ንምግባር ሓንቲ ኮምፒውተር ኢና ተጠቒምና ኣድላይ



ብየማን ዘለው ኣብ ወንበር እታ ማሕበር መንእሰይ ፅጋቡ ዓባይ ምስ ኣባላት ጂዲኣይ ቴክኖሎጂ

እንተኾይኑን ተገልጋሊ ክበዝሕ ከሎ ዝጥቀሙለን ኮምፒውተራት ቁፅረን ምውሳኽ ከምዝኽእሉ ምስ ገለፁ ኣጠቓቒማ እቲ ሶፍትዌር ንከይፅገሙ ድማ ኣድላይ ዝበሃል ስልጠናታት ንዝምልከቶም ኣካላት ከምዝህቡን ብፅሑፍ እውን ዘዳለዉዎ መሰልጠኒ መምርሒ ከምዘሎ ሓቢሮም። ኣብቲ እዋን እቶም መናእሰይ ንዓርሶም ስራሕ ፈጢሮም ንሽድሽተ ወገናት ስራሕ ዕድል ፈጢሮም እዮም።

እቲ ሶፍትዌር ሓደ ሰብ ናይ ክልተን ልዕሊኡን ከተማታት መለለይ መንነት ከይህልዎን ዘይሕጋዊ ዋላ ተሓዘ በቲ ሶፍትዌር ብቀሊሉ ዝፍለጥ እዩ። ምኽንያቱ ሕድ ሕድ ተገልጋሊ ነናይ ባዕሉ መለለይ ቁፅሪ ይወሃቦ እዩ። ብፍላይ ምስቲ ሎሚ ዘሎ ሕማቕ ፖለቲካ ተጋሩ ዘይኮኑ ተጋሩ ኢና እናበሉ ናይ ሓሶት መለለይ መንነት ይሕዙ ስለዘለዉ፤ እዚ ደው ንምባል እውን ከም ክልል መቆፃፀሪ ኣብ መቐለ ዳታ ቤዝ ማለት ማእኸል ሓበሬታ ብምግባር ኩለን ቀበሌታት ከተማታትን ወረዳታትን ትግራይ ከተኣታትወኦን ነዚ ብብርኪ ትግራይ እንተተደልዩ ዓሽራ ኢድ ክህልዎ ምግባር ከምዝካኣል ሓቢሮም።

እቲ ሳልሳይ ስርሖም ምስ ሕማም ቫይረስ ኮረናን መረፃን ብምትሕሓዝ ዝመሃዝዎ እዩ። ከምቲ ዝፍለጥ ኣብዛ ሃገር ዘሎ መድሓርሐሪ መንግስቲ መረፃ ከየካየደ ዓመታት ክፀንሕ ከምዝደሊ በብእዋኑ ብዝተፈላለዩ መልክዑ እናገለፀ ፀኒሑ እዩ። መንግስቲ ትግራይ ድማ ሕገ መንግስቲ ክኽበር ስለዘለዎ፤ መረፃ ኣብ እዋኑ ንክኻየድ ወሲኑ ኣሎ። እቲ መረፃ ህዝቢ ብዘይእከበሉን ንምክያድ ድማ ኣንሕና እውን ብሞያናን ፍልጠትናን ሓገዝ ክንገብር ኢና ዝብል ሶፍትዌር ሰሪሖም ኣለናልካ ህዝቢ ትግራይ ይብሉ ኣለዉ።

እቲ ናይ መረፃ ሶፍትዌር ሕድሕድ መራፂ ክምዝገብ እንተሎ ዝወሃቦ ድጅታል ካርዲ ስለዘሎ፤ ኣብቲ ካርዲ ድማ ሪጋ ቁፅሪ መራፂ፣ ዝመርፀሉ ስዓት ዝገልፅ ፅሑፍ ክወሃቦ እዩ ዝግበር። በዚ ኣብ መረፃ ናቁጣ 15 ሰብ ጥራሕ እናተሰለፈ ክመርፅ ዝገብር ምኳኑ ይገልፁ። ኣድላይ እንተኮይኑ እውን ስልኪ ቁፅሪ መረፅቲ ብምሓዝ እውን ንክትመርፅ ክንድዚ ስዓት ተሪፉካ ተዳሎ ንዓ ዝብል መልእኽቲ ምስዳድ ዝኽእል ቴክኖሎጂ ምዃኑ ሓቢሮም።

ሎሚ ቴክኖሎጂ ምጥቃም ወሳኒ እዩ። ምኽ ንያቱ ሂወት ህዝቢ ክድሕን ስለዝግበኦ። ሎሚ እንተተፈቒዱልና ፅቡቕ፤ እንተዘይኮይኑ ድማ ንቐፃሊ ዝግበሩ መረፃታት እውን ዘጋጥም ነገር ስለዘይፍለጥ፤ እዚ ቴክኖሎጂ ተኣታትዩ እንተፀንሐ ይምረፅ። ብሓፈሻ ቀንዲ ዕላማና ትግራይ ብቴክ ኖሎጂ ዝማዕበለትን ተጠቃሚት ዘበነዎት ቴክኖሎ ጅታትን ምግባር እዩ ይብሉ።

ሰለስቲኦን ሶፍትዌራት ማሕበር ጂዲኣይ ቴክኖሎጂ መረረት ህዝቢ ከድሕና ዝክእላ ሰሪሖም ኣለዉ። እዚኣተን ከምቲ ህዝቢ ዝደልዮ ስሉጥ ግልጋሎት ክረኽብ ንምግባር ዝሕግዛ እየን። ኣብ ዘዝኣተወኦ ህዝቢ ፅቡቕ ግልጋሎት ብምርካቡ ታሕጓሱ ይገልፅ ኣሎ። ኣብ ክፍለ ከተማ ዓዲ ሽምድሑን መለለይ መንነት ኣወሃህባ ሶፍትዌርን መረዳእታ ምትሐዝን ስለዝተኣታተዉ ህዝቢ እቲ ከባቢ ስሉጥ ግልጋሎት ይረኽብ ኣሎ። ብተወሳኺ እታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኒኮላስ ዝተኣታተወ ሶፍትዌር እውን ተምሃሮን ወለድን ብሕማም ኮሮና ቫይረስ ከይሰግኡ ደቒም ኣብ ገዝኦም ኮይኖም ክመሃሩ ስለዝገበረቶም ታሕጓሶም ዝገለፁሎም ከምዘለዉ ብምሕባር እዚኣቶምን ካልኦትን ኣብ ሙሉእ ትግራይ ንምስፍሕፋሕ መንግስቲ ቁርፀኛ ውሳነ ብምውሳን ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ኣመራርሓ ክደፍእን ዘሎ ፀገም መረዳእታ ኣታሕዛ፣ ግልጋሎት ኣባህዋን ካልኦትን ሰናይ ምምሕዳርን ፍሕትን ይኾን ስለዘሎ እዚኣቶም ዝፈትሑ ወሰንቲ ሜላታት ብምዃነን ዓብይ ትኹረት ሂቡ ክሰርሐሉ ኣለዎ።

ብስልጣነ ኣክሱማውያን እንዳተሓበንና ናይ ባዕልና ስልጣነ ንምህናፅ ከምቲ መንግስቲ ዝማዕበለትን ቴክኖሎጅን ትጥቀም ትግራይ ንምፍ ጣር ፀዓርዓር ዝብል ዘሎ ኣብ ታሕቲ ዘለኩም መሓውራት እውን ደገፍቲ ክትኾኑ ይግባእ። እዞም መናእሰይ ዘቕርብዎም ዘለዉ ምህዞታት መረረት ስቓይ ህዝቢ ዝቕንሱ ብምዃኖም እተን ቴክኖሎጅታት ምትእትታዉ ናትኩም ሓላፍነት ምዃኑ ክትርድኡ ኣለኩም። ንህዝቢ ብስርዓትን ሕግን ብግልፅነት፣ ብሰለጤንን ፅፈትን ኣገልግሉ።

• • • • • • • • • • •

... ካብ ገፅ 6 ዝዞረ

| | | | |
|---|---|---|---|
| 49 | ፍቅረ መሓሪ እና ደስታ ገ/መድሕን | ብዕድጊት | 20*20 |
| 50 | ሓጎስ ጊደተ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 51 | ኪዳኑ ጊደይ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 52 | ፀጋይ ነፀረኣብ እና ሃፍተ ግርማይ | ብዕድጊት | 20*25 |
| 53 | መዓዛ ሓጎስ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 54 | ፍስሃ ገ/መድሕን | ብዕድጊት | 20*20 |
| 55 | አብርሃት ገ/ሚካኤል | ብዕድጊት | 20*20 |
| 56 | ትውረስ ኪሮስ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 57 | ትእግስቲ ኪሮስ ምሕረቱ እና ጣዕመ በላይ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 58 | ዮሃንስ ነጋሽ እና አበባ ሃይሉ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 59 | አብርሃ ሃይላይ | ብዕድጊት | 10*20 |
| 60 | ብርሃኑ ደስታ ግርማይ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 61 | ፅጌ ገ/ሚካኤል | ብዕድጊት | 20*20 |
| 62 | ያለም ታደሰ ፍቃዱ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 63 | አስተዋለች ካህሱ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 64 | ኣብርሃ ገ/ሃንስ እና ብርሃነ ገ/ሃንስ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 65 | አፀደ መዝገበ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 66 | ሓለቃ ሐጎስ ግርማይ | ብዕድጊት | 10*20 |
| 67 | መርጌታ ተስፋይ በላይ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 68 | ብርሃኑ ተስፋይ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 69 | ከሕሳይ ቡሩ ሕሽ እና ዳዊት ብርሃነ ገ/መስቀል | ብዕድጊት | 20*20 |
| 70 | ሃለቃ በርሃ ተኽሉ | ብዕድጊት | 10*20 |
| 71 | ሃ/ማርያም አርኣያ | ብዕድጊት | 10*20 |
| 72 | ካህሱ አይናለም አብርሃ | ብዕድጊት | 10*25 |
| 73 | ታፈረ አብርሃ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 74 | ገ/ትንሳኤ ብስራት አረጋ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 75 | መሓሪ ተስፋይ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 76 | ጌታቸው ከንፈ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 77 | ገ/ዮስስ መሓሪ ሕሽ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 78 | ሃይሉ ገ/ማርያም እና ደስታ ገ/ሂወት | ብዕድጊት | 20*20 |
| 79 | ገ/ሚካኤል ገ/ስላሴ ግርማይ | ብዕድጊት | 15*20 |
| 80 | ግርማይ አሰፋ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 81 | ምስግና በላይ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 82 | ዘይንባ አደም እና ሮዛ መኮነን | ብዕድጊት | 20*20 |
| 83 | ገ/ሔር ወ/ችኤል | ብዕድጊት | 15*20 |
| 84 | ገ/ኪሮስ ብርሃነ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 85 | ፍረሂወት ካሳ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 86 | ኣኸዛ ሓጎስ ጊደተ እና ተስፋይ ዕቡይ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 87 | ሚካኤለ ገ/መስቀል እና ወ/ሮ ፀዳል አረፈ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 88 | ኣርአያ በርሀ | ብዕድጊት | 20*25 |
| 89 | እልፍያ ሞስጠፋ እና ጀማል ሞስጠፋ | ብዕድጊት | 20*20 |
| 90 | ሰሎሞን በርሀ | ብዕድጊት | 20*25 |
| 91 | ኣሰፋ ካሕሳይ መብራሀተን | ብዕድጊት | 20*20 |
| 92 | ማሓሪ በርሀ ሓበን | ብዕድጊት | 20*25 |
| 93 | ዕፃይ ኣማረ | ብዕድጊት | 20*20 |

| ሪጋ | ስም ዝርዝር | ዓይነት ትሕዝቶ | ስ ፍ ሓ ት መሬት |
|---|---|---|---|
| 1 | ካሕሱ ሃይሉ ከተማ | ነባር ትሕዝቶ | 20*25 |
| 2 | ወ/ሮ ገ/ርግስ መረሳ ሓጎስ | ነባር ትሕዝቶ | 20*25 |
| 3 | ኣለምነሽ ገ/ሃንስ | ነባር ትሕዝቶ | 20*25 |
| 4 | ገ/መስቀል ገ/ሃንስ | ነባር ትሕዝቶ | 20*25 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1 | ሰለሞን ነጉስ ሃይሉ | ዕድሎት | 20*20 |
| 2 | ሃለቃ ፍስሃ ብርሃን ግደይ | ውህብቶ | 20*20 |
| 3 | ብርሃኑ ገ/ማርያም | ውህብቶ | 20*20 |
| 4 | መለስ አባይ | ውህብቶ | 20*20 |
| 5 | ወ/ሮ ተክለ አለነ | ውህብቶ | 20*20 |
| 6 | ሙዑዝ ገሰሰ | ውህብቶ | 20*20 |
| 7 | ተክኤን ገ/መድሕን | ውህብቶ | 20*20 |
| 8 | ሰናይት መንግስቱ | ዕድሎት | 20*20 |
| 9 | ኣባይ መለስ | ውህብቶ | 20*20 |
| 10 | በርሀ መለስ | ውህብቶ | 20*20 |
| 11 | ባይራይ አብርሃ | ውህብቶ | 20*20 |
| 12 | የማነ ሊባኖስ | ውህብቶ | 20*20 |
| 13 | መለስ ሐጎስ ኪዳነ | ውህብቶ | 20*20 |
| 14 | ሙሩፅ ገ/አበዝጊ ካሕሳይ | ውህብቶ | 20*20 |
| 15 | ከበዱ ገ/ኪዳን አሰፋ | ውህብቶ | 20*20 |
| 16 | ፍረ ካላአዩ | ውህብቶ | 20*20 |
| 17 | መብራት ገ/ኪዳን አሰፋ | ውህብቶ | 20*20 |
| 18 | ሂሩት ገ/ማርያም ወ/ገብርኤል | ውህብቶ | 20*20 |
| 19 | ሺሻይ ሐደራ | ውህብቶ | 20*20 |
| 20 | ዕፃይ አይናአለም | ውህብቶ | 20*20 |
| 21 | ምነት ረዳኢ | ውህብቶ | 20*20 |
| 22 | አለምብርሃን ገ/ማርያም | ውህብቶ | 20*20 |
| 23 | ክብሮም ገ/ትንሳኤ | ውህብቶ | 20*20 |
| 24 | ግርማይ መስፍን | ዕዱለት | 20*20 |
| 25 | ይብራአለም በርሀ ጊደይ | ዕዱለት | 20*20 |
| 26 | ፊልሞን ፀጋይ በየነ | ውህብቶ | 20*20 |
| 27 | ሰለሞን ሙሩፅ | ውህብቶ | 20*20 |
| 28 | ሙሉ ገ/ኪዳን | ውህብቶ | 20*20 |
| 29 | ወ/ገርግስ ኪዳኑ | ውህብቶ | 20*20 |
| 30 | ፀጋዝአብ ገ/መድሕን | ውህብቶ | 20*20 |
| 31 | ጎይቶኦም ሃይሉ | ውህብቶ | 20*20 |
| 32 | ኣስቴር ተ/ሃይማኖት ተስፋይ | ውህብቶ | 20*20 |
| 33 | ሰምሃል ፀጋይ | ውህብቶ | 20*20 |

| ሪጋ | ስም ዝርዝር | ዓይነት ትሕዝቶ | ስ ፍ ሓ ት መሬት | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ተስፋይ ሀንደያ ካሕሳይ | ድርጅት | 36*74 | 2664 |
| 2 | ከድር እንድርያስ ጀሃር | ድርጅት | | |
| 3 | ማሕበር ወይኒ ሚልንዩም | ድርጅት | 20*20 | 400 |
| 4 | ኣባዲት ገብሩ እና ወ/ሃንስ ሓዱሽ | ድርጅት | 20*20 | 400 |
| 5 | አቶ ፀጋይ በየነ | ድርጅት | 50*20 | 1000 |
| 6 | አን ምስራት ወለዱ ቁ3 ሰባት | ድርጅት | 20*20 | 400 |
| 7 | ደስታ ሙሉ በርሃ | ድርጅት | 20*20 | 400 |

**ቤት ማዛጋጃ ክፍለ ከተማ ሰሜን**

## ዘባ ደ/ምብራቕ

መመልከቲት ወ/ሮ ደስታ አረጋ

ተፀዋዒ በዓል ገዛይ ኣቶ ገ/ሄር ወኸለ መሓሪ ኣድራሻ ወረዳ እንደርታ ጣብያ ዓራቶ ቁሸት ኩዓን ካብ 20/09/2009 ዓ/ም ካብ ገዛ ወፂኡ ምስ ኸደ ስለ ዘይተመለሰ ብሂወት እንተሃልዩ ንዕለት 20/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ቀሪቡ ሓሳብ ንክህብ እንተዘይቀሪቡ ብዘየለሉ ከምዝውሰን ደድባ ደርጋዓጀን ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ድድባ ደርጋ ዓጀን**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሰስቲ ፡- 1.ኣይተ ጌታቸው ኻልኣዩ ፣ 2.ኣይተ ሃይሉ ኻልኣዩ

ኣፈ/ተኸሳሲት ወ/ሮ ፀጋ ገ/ሚካኤል ኣፈፃፀም ተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲና ብዘለዎም ዕዳ ንምፍፃም ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ቐጠና 01 ዝርከብ ገዛን ቦታን ብጨረታ ምሻጥ ኣድላይ ኾይኑ ስለ ዝተረኸበ ዝኾነ ሰብ ንክጫረት ንገልፅ ፡፡

ዓይነት ንብረት ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ቐጠና 01 ዝርከብ ገዛ መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ = መንገዲ ፣ ብምዕራብ = ኣይተ ካሕሳይ ተኽለ ፣ ብሰሜን = ስንዳዮ ሐድሽ ፣ ብደቡብ ሙሉ ዘዋስኖ ገዛን ቦታን ዝሓዘ ኾይኑ ብመበገሲ ዋጋ 584,225.71 / ሓሙሽተ ሚኢትን ሰማንያን ኣርባዕተን ሽሕን ክልተ ሚኢትን ሓሙሽተን ነጥቢ 71/100 /

***ረቛሒታት ጨረታ***

2.ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 16/11/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡30 – 6፡00 ቀትሪ

ናብ ገፅ 10 ይዘውር ...

**... ካብ ገፅ 9 ዝዞረ**

3.ቦታ ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ኣብቲ ዝጫረት ገዛ ኣብ ባዕሉ

4.እቲ ጨረታ ብግልፂ ይካየድ

5.ናይቲ ጨረታ ውፅኢት ወድያውኑ ይንገር ::

6.ነቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ናይቲ መበገሲ ዋጋ 25% ኣብቲ ጨረታ መዓልቲ ወድያው ከትሕዝ ኣለዎ ::

7.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15 መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ገንዘብ ጠቕሊሉ ይኸፍል ::

8.እቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15 መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ጠቕላላ ገንዘብ እንተዘይደኣ ኸፊሉ እቲ ኣቐዲሙ ዘትሓዞ 25% ገንዘብ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ተገይሩ እቲ ጨረታ ይስረዝ :: ነዞም ረቛሒታት ዘማልእ ሰብ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ቐሪቡ ንክጫረት ይኽእል ::

9.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ እቲ ገዛን ቦታን ብናይ ሊዝ ደንቢ ናብ ሽሙ ዝዞር ይኸውን ::

**ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ዓ/ጉደም**

## ዞባ ደቡብ

ኸሳሲ - ወረዳ ኦፍላ ዓቃቢ ሕጊ

ተኸሳሲ - ኣይተ ሕሉፍ እምባው በርሀ ኣድራሻ ወ/ኦፍላ ጣብያ ላት ቁሸት ዓዲ ፈለስቲ ኣብ መንጎ ብዘለኩም ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ክሲ ተኸሳሲ ንዕለት 14/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝፍረድ ምዃኑ ወረዳ ኦፍላ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ኦፍላ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ከ/ኣላማጣ ዓ/ሕጊ

ተኸሰስቲ ፡- 1.ኣይተ ሹሞይ ሞላ በየነ ኣድራሻ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ጣብያ ሰላም ብቃልሲ ቁሸት ሓሸያ ፤ 2.ኣይተ ሞላ ከበደ ለገሰ ኣድራሻ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ጣብያ ሰላም ብቃልሲ ቁሸት ሓሸያ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ኢ.ፌ.ድ.ሪ.ገበን ሕጊ ዓንቀፅ 32/1/(ሀ)ምስ 670 ክትራን ሕጊ ዓንቀፅ 32/1/(ሀ) ምስ 556 (2)(ሀ) ዝተደንገገ ብምትሕልላፍ ቀሊል ኣካል ጉድኣት ገበን ኣብ ከተማ ኣላማጣ ቤት ፍርዲ ክሲ ተኸሲስኩም ክትቐርቡ ስለ ዘይኽኣልኩም ንዕለት 18/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ከ/ኣላማጣ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ከተማ ኣላማጣ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ከተማ ኣላማጣ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ፡- ወረዳ ራያ ኣላማጣ ዓ/ሕጊ

ተኸሰስቲ ኣይተ ሓየሎም ዋሴ ረብሶ ኣድራሻ - ወ/ራ/ኣላማጣ ጣብያ ሰሌን ውሃ ቁሸት - በደና ለኮ ኣድራሻ መንጎ ብዘሎ ኣብ ሰብ ኣካል ከቢድ ገድኣት ምብፃሕ ገበን ክትዕ ተኸሳሲ ክሲ ተመስሪትኩም ኾይኑ ግና ኣብ ኣድራሻኹም ክት ርከቡ ስለ ዘይኽኣልኩም በዚ መሰረት እውን ንዕ ለት 30/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ንጉሆ ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ኣላማጣ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ - ወረዳ ኦፍላ ዓቃቢ ሕጊ

ተኸሳሲ - ኣይተ ኣድሄና ደመቀ ሙስጉን ኣድራሻ ወ/ኦፍላ ጣብያ ጓራ ቑሸት ጨርቆስ ብዝተኸሰሰሉ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ክሲ ተኸሳሲ ንዕለት 1/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ኣብ ወረዳ ኦፈላ ወረዳ ቤት ፍርዲ ቐሪቦም ንክከራኸሩ እንተዘይቐሪቦም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአይ ምዃኑ ወረዳ ኦፍላ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ኦፍላ ቤት ፍርዲ**

ኣፈ/ኸሰስቲ- 1. ህፃን ፋኖ ኣባዲ ሞግዚት ኮማሕ ሃንስ

2. ህፃን ማህደር ዝናቡ ሞግዚት ኮማሕ ሃንስ

3. ህፃን ክብሮም ዝናቡ ሞግዚት ፅጌ ወልድ

4. ኣይተ ልኡል ኣባይ

ኣፈ/ተኸሰስቲ - ወ/ሮ እናኑ ኣባይ ኣየለ ጠበቓ ኣይተ ክንደያ ኣለማዮ

ኣብ ሞንጎ ኣፈ/ኸሰስቲን ኣፈ/ተኸሰስቲን ብዘሎ ናይ ገዛን ቦታን ክትዕ ኣብ ከተማ ሞኾኒ ቐሸት ሳንጋ ተራ መዋሰኒኡ ብምብራቕ ብርሃነ ኣባዲ ብምዕራብ መንገዲ በሰሜን ሻምበል ተኽለ ብደቡብ ብሃፍታ በርሀ ስፍሓቱ 500 ካ/ሜትር ዘኾነ ብኣፈፃፀም ከሸወጥ ስለዝኾነ ብመልዐሊ ዋጋ ግምት 74,534 .86/ ሰብዓን ኣርባዕተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ሳላሳን ኣርባዕተን ብርን 86/100/ ክጫረት ስለዘተደለየ ንዕለት 17/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀሪቦም ንክጫረቱ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ኣዚዙ ኣሎ::

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ**

መመልከቲት ወ/ሮ ከይርያ መሓመድ ዓሊ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ብናይ ሽም ምቕያር ክርክር ጉዳይ መሰረት ወ/ሮ ኬርያ መሓመድ ዓሊ ተባሂለ ዝፅዋዕ ዝነበርኩ ሐዚ ድማ ኣፈራ ኣርኣያ መድህን ተባሂለ ንክፅዋዕ እለን ስለዘመልከታ ቆፀሮ ንዕለት 19/10/12 ዓ/ም ቤት ፈርዲ ወ/ራ/ዓዘቦ ኣዚዙ ኣሎ::

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ ሞኾኒ**

### ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ፡- እኒ ኣይተ ፀጋይ ተረፈ

ኣፈ/ተኸሳሲት፡- ወ/ሮ ሸዋየ ኣብርሃ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክሲ መሰረት

ኣብ ከተማ ኣላማጣ ቀበሌ 01 ዝርከብ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ፡- ብምብራቕ- ርእሰ ደብር ብምዕራብ -መንገዲ ብሰሜን- ዓፈራ ሕሉፈ ብደቡብ- የሻረግ ኣለሙ ስፍሓት ቦትኡ 56.3 ካሬ ሜትር ዝኾነ ደረጃ A 2ይ መንበሪ ብሽም ፀጋይ ተረፈ ሃበ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብመበገሲ ዋጋ ብር 92,576/ቴስዓን ክልተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእቲን ሰብዓን ሽድሽተን ምስ 72/100. ኣብ ከተማ ኣላማጣ 01 ቀበሌ ዝርከብ ቦታን ገዛን መዋሰኒኡ ብምብራቕ- መንገዲ ብምዕራብ -መነሃርያ ብሰሜን- ታደሰ ፀጋይ በደቡብ መነሃርያ ሰፍሓት ቦትኡ 75.95 ካሬ ሜትር ዘኾነ ደረጃ A 1ይ ብሽም ፀጋይ ተረፈ ሃበ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብመበገሲ ዋጋ ብር 55,872/ሓምሳን ሓሙሽተን ሽሕን ሸሞንተ ሚኢትን ሰብዓን ኽልተን 82/100 ተጫሪቱ ክሽየጥ ስለዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 16/11/2012 ዓ/ም ካብ ስዓት 2፡30 ክሳብ 6፡00 ኣብ ዘሎ ገዜ ኣብ ከተማ ኣላማጣ ወረዳ ቤት ፍርዲ ብኣካል ቀሪብኩም ንክትጫረቱ ከተማ ኣላማጣ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ::

ሓበሬታ ፤ ጨረታ ዘሸነፈ ወገን ካፍቲ ዘሸነፎ መጠን ገንዘበ 25% በቲ ጨረታ ዕለት ሒዙ ዝቀርብን 75% ድማ ኣብ ውሽጢ 15ተ መዓልቲ ሒዙ ክቀርብ ኣለዎ::

**ከተማ ኣላማጣ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ከሳሲ ዓ/ሕጊ ወ/እ/ኣላጀ

ተኸሳሲ ኣይተ ዳዊት ዘነበ በርሀ ኣድ/ወ/እ/ኣላጀ ጣብያ ዓዲ ሽሁ

ብዝተኸሰስኩምሉ ከብድ ገበን ስርቂ መሰረት ተኸሳሲ ኣብ ዕለት ቆፀረኡ ንኪቐሪብ ናይ ቤት ፍርዲ መፀዋዕታ ንክወሃብ ኣብ መንበሪ ኣድራሽኡ ትኣልሹ ሰለዝተሰኣነ ጉዳይኹም ብዘየለኩምሉ ዝርአ ምኻኑ ፈልጥኩም ቅድሚ ብዘየለኹምሉ ምርኣዩ ንዕለት 30/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 2፡30 ናብ ወ/እ/ኣላጀ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ክብል ወ/እ/ኣላጀ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓድሽሁ ኣዚዙ ::

**ወረዳ እ/ኣላጀ ቤት ፍርዲ ምድብ**
**መጋባእያ ዓዲ ሽሁ**

## ዞባ ምብራቕ

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ሃ/ስላሴ ሃ/ሚካኤል ኣድራሻ ወ/ሳ/ፃ/እምባ ጣብያ ማይመገልታ ቁ.ማይ ሓንፆ መንጎ ዘሎ ፈ/ተራ ቅትለት ገበን ክርክር ንስኹም ኣብ ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዓዲግራት ቆፀሮ ስለዘለኩም ንዕለት 02/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ናብ ዓዲግራት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሰስቲ 1.ኣይተ ጎይተኦም ተ/ሃይማኖት ካሕሳይ ኣ/ሻ ወረዳ ኣፅቢ ወንበርታ ጣ/ባርካ ዓ/ስብሓ ቁሸት ዓዲ ሰላም ፤

2.ኣይተ ተ/ሃይማኖት መዝገበ ኣባዩ ኣ/ሻ ወረዳ ኣፅቢ ወንበርታ ጣ/ቃል ኣሚን ቁሸት ዳ/ታሊቶ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ክሲ ጉዳይ ተኸሰስቲ ንዕለት 30/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናይ ቀትሪ ናብ ከተማ ውቅሮ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ቤት ፍርዲ ከተማ ውቅሮ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ውቅሮ**
**ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ዳንኤል ግደይ ኣስፍሃ ኣ/ሻ ወ/ጋ/ኣፈሹም ጣ/ከ/ብዘት ዞን ሓደ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ክሲ ክርክር ፖሊስ ብኣድራሻኹም ብተደጋጋሚ ኣልሹ ክረኽበኩም ስለ ዘይኽኣለ ሐዚ ንዕለት 24/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ብዘት ወረዳ ቤት ፍርዲ ቅረቡ እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ብዘት ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ብዘት**
**ቤት ፍርዲ**

መመልከቲ ኣይተ ገብረሃወርያ ገብሩ በርሀ እናተብሃልኩ ዝፅዋዕ ዝነበርኹ ተሪፉ ኣይተ ጎይቶኦም ተኽላይ ገ/ሚካኤል ተባሂለ ንክፅዋዕ ይኹነለይ ክብሉ ስለ ዘመልከቱ ነዚ ዝቃወም እንተሃልዩ ንዕለት 26/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን ይቕረብ ክብል ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን ምድብ**
**መጋባእያ ክልተ በለሳ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ወረዳ ኣፅቢ ወምበርታ

ተኸሳሲ ኣይተ ገ/ዮሱስ ኣርኣያ ሃይሉ ኣድራሻ ወረዳ ኣፅቢ ወንበርታ ጣብያ ፈለገወይኒ ቁሸት መብራህቶም ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ተኸሳሲ ንዕለት 18/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ኣብ ወረዳ ኣፅቢ ቤት ፍርዲ ቆፀሮ ስለ ዘለኩም ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ቤት ፍርዲ ወረዳ ኣፅቢ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ኣፅቢ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ኤፍሬም መብራህቱ ሓጎስ ኣ/ሻ ከተማ ዕ/ሓሙስ ዞን 01 ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ጉድኣት ገበን ንምፅራይ ንዕለት 19/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም /መዝገብኹም/ ኣብ ዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ኣብራሃም መብራህቱ ኣ/ሻ ጣብያ ኮ/ስውሓ ቁሸት መነወት ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን ንምፅራይ ንዕለት 22/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም /መዝገብኹም/ ኣብ ዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ደስታ ገ/ሄር ካሕሳይ ኣ/ሻ ጣብያ ወልዋሎ ቁሸት እንዳሚካኤል ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን ንምፅራይ ንዕለት 25/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንጉሆ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም /መዝገብኹም/ ኣብ ዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሰስቲ 1. ኣይተ ከንደያ ባህታ ብርሃነ ኣ/ሻ ከተማ ዕ/ሓሙስ ዞን 3 ፤ 2.ኣይተ ፀጋይ ፃዲቕ ኣ/ሻ ጣብያ ኣስሜና ቁሸት ሑፃ ፤ 3.ኣይተ መንግስቱ በርሀ ረዳ ኣ/ሻ ኣስሜና ቁሸት ሑፃ ብዝተኸሰስኩምሉ ኣብ ልዕሊ ተረኛ ናይ ፖሊስ ኣባል ስራሕ ዕንቅፋት ምፍጣር ገበን ንምፅራይ ንዕለት 19/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም /መዝገብኹም/ ኣብ ዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ሓዱሽ ጥዕማይ ደገፎም ኣድራሻ ወ/ሳ/ፃ/እምባ ጣብያ ከተማ ፍረወይኒ ዞን 05 መንጎ ብዘሎ ናይ ንግዲ ፍቃድ ዘይብልካ ምስራሕ ገበን ክርክር ተኸሳሲ ንዝቐረበልኩም ክሲ ንዕለት 19/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ፃ/እምባ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ::

**ወረዳ ሳ/ፃ/እምባ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ 1ይ. ኣይተ ኪዳነ ገ/መድህን ሃይሉ ኣድራሻ ወረዳ ሳ/ፃ/እምባ ጣብያ /ቀበሌ/ከ/ከተማ ዕ/ሓሙስ ቁሸት /ቀጠና /ዞን 3 ፤ 2ይ- ኣይተ ክብሮም ሃፍታይ ኣ/ሻ ጣ/ቀበሌ/ከ/ከተማ ዕ/ሓሙስ ቁሸት /ቀጠና /ዞን 4ተ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ምብፃሕ ገበን ክርክር ተኸሰስቲ ኣብ ዘለኹምዎ ንዕለት 19/10/2012 ዓ/ም ናብ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ንዝቐረበልኩም ክሲ መልሲ እንተዘይሂቡም ናይ ምክርኻር መሰልኩም ተሓሊፉ ጉዳይኹም ብዘየለኩምሎ ከምዝረአ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ::

**ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ትኩእ ሙሉ ገ/ማርያም ኣ/ሻ ወረዳ ሳ/ፃ/እምባ ከተማ ዕ/ሓሙስ ዞን 2ተ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ንምፅራይ ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 24/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ ቀሪብኹም ንኽትከታተሉ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ወ/ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ**

**ናብ ገፅ 11 ይዘውር ...**

... ካብ ገፅ 10 ዝዞረ

ኽሳሲ ፺/ሓለቃ ተ/ሚካኤል ሃይሉ በየነ

ተኸሳሲ ኣይተ ሙሉ ሃ/ማርያም ምስግና መንጎ ዘሎ ናይ ፍታብሄር ገንዘብ ክርክር ንስኹም ተከሳሲ ብኸሳሲ ዝቀረበልኩም ክስን መረዳእታን ንምቅባል ኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ኣልሾም ስለ ዝሰኣንኹም በዚ ምልክታ ተፀዊዕኹም ቅድሚ ቆፀሮ ዕለት 22/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናይ ንጉሆ ኣብ ዘሎ ጊዜ ዝቀረበልኩም ክስን መረዳእታን ካብ ከተማ ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ ፍታብሄር መጋባእያ ቁፅሪ 9 ወሲድኩም ኣብቲ ዝተጠቐሰ ቆፀሮ ዕለትን ሰዓትን ዘለኩም መልስን መረዳእታን ብ3ተ ቅዳሕ ሒዝኩም ናብ ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ በዚ ምልክታ ተፀዊዕኹም እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ክውሰን ቤት ፍርዲ ከተማ ዓዲግራት ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓዲ ግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ከሳሲት ወ/ሪት ፅርሃ ወላይ ክሕሽን

ተከሳሲ ኣይተ ኣማኒኤል ገ/ስላሴ ኣ/ሻ ዓዲግራት ቀበሌ 01 ሞንጎ ዘሎ ናይ ፈታብሄር ንብረት ክርክር ብከሳሲት ዝቀረበልኩም ክስን መረዳእታን ንምቅባል ኣልሽን ስለዝሰኣንኩዎም ንዕለት 22/10/2012 ዓ/ም ስዓት 8፡00 ኣብ ዘሎ ግዜእቲ ክስን መረዳእታን ካብ ከተማ ዓድግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ ወስድኩም ኣብቲ ቆፀሮ ዕለት ዘለኩም መልስን መረዳእታን ብ 3ተ ቅዳሕ ሕዝኩም ክትቀርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም መልሲ ናይ ምቕራብ መልስኩም ተሓሊፉ ዝረአ ምኻኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዓድግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ዓወት ገ/ሚካኤል ገ/ሄር ኣድራሻ ወ/ሳ/ፃ/እምባ ጣብያ ኣግኣዚ ቁሸት ዛዕኬን መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክርክር ተኸሳሲ ንዝቐረበልኩም ክሲ ቀሪብኩም እንተዘይተኻራኺርኩም ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ፈሊጥኩም ንዕለት 03/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 2፡30 ናብ ፃ/እምባ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክት ቐርቡ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ሳ/ፃ/እምባ ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ማእኸል

መመልከቲ 1.ቅድስ ኣማኒኤል ተስፋይ ወኪል ኣማኒኤል ተስፋይ ፣ 2.ህፃን ኖሃሚ ኣማኒኤል ሞጉዚት ኣማኒኤል ተስፋይ

ተፀዋዒት 1.ወ/ሮ ሰለማዊት ዩሴፍ ኣድራሻ ኣይፍለምን ኣብ መንጎኣም ዘሎ ምጥፋእ ውሳነ ክሲ ክትዕ ዋኒን ብኣድራሻኽን ስለ ዘይተረኸብክን ንዕለት 06/11/2012 ሰዓት 3፡00 ናብ ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮክን እንተዘይቀሪብክን ጉዳይክን ብዘየለለክናሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ጨረታ**

ኣፈ/ኸሳሲት ፡- ወ/ሮ ንግስቲ ገ/ተንሳይ ወኪል ኣይተ ኣዋሽ ፍስሃ

ኣፈ/ተኸሳሲት ፡- ወ/ሮ ታሪክ ገ/ተንሳይ ወኪል ኣይተ ኪ/ማርያም ገ/ተንሳይ

ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ነዚ ኣፈ/መበገሲ ዝኾነ ክሲ ኣብ ልዕሊ ኣፈፃፀም ተኸሳሲት ዘቕረብኦ ናይ ኣፈ/ክሲ መንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ፍ/ሄር ናይ ውርሲ ሃፍቲ ክትዕ ኣብ ከተማ ዓድዋ ቀበሌ 07 ብሽም ኣፈ/ተኻታዕቲ ወገናት ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ስፍሓቱ 250 ሜትር ካሬ መዋሰኒኡ ብምብራቅ መንገዲ ፣ ብምዕራብ ሮማን ፣ ብሰሜን ግደይ ገ/መስቀል ፣ ብደቡብ መንገዲ ዘዋስኖ ኣብ ውሽጡ 8ተ ክፍሊ ገዛውቲ ምስ ሻወርን ሽንትቤትን ተኻታዕቲ ወገናት ብስምምዕ ክካፈሉ ስለ ዘይኸኣሉ ቤት ፍርዲ ኣጫሪቱ ንተኻታዕቲ ወገናት ከማቕሎም ስለ ዝደለየ ብመበገሲ ዋጋ ብር 745,051.3 /ሸውዓተ ሚኢትን ኣርብዓን ሓሙሽተን ሽሕን ሓምሳን ሓደን ብር ምስ 30/100 ሳንቲም ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 17/11/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ ሰዓት 6፡00 ናይ ቀትሪ ብግልፂ ጨረታ ስለ ዝካየድ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ሰዓትን ገዛን ተረኺብኩም ንክትጫረቱ ከተማ ዓድዋ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሰስቲ 1ይ.ኣይተ ሰለሙን ተ/ብርሃን ፣ 2ይ.ክብሮም ይርጋለም ፣ 3ይ.ብርሃነ ገ/ሄር መንጎ ብዘሎ ናይ ምክታር ክትዕ ተኸሳሲ ንክትቐርቡ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ተዋሂቡ ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ሕዚ እውን ንዕለት 22/10/2012 ዓ/ም ንጉሆ ሰዓት 3፡00 ናብ ወ/ላ/ማ/ው ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ተኸሳሲ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ብይን ዝውሃብ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ላዕላይ ማይጨው**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሰስቲ ፡- 1ይ.ኣይተ ብርሃነ ገ/ማርያም ፣ 2ይ.ገ/መድህን ወ/ኣረጋይ ሓጎስ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ መውቃዕቲ ክትዕ ተኸሳሲ ንክትቐርቡ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ተዋሂቡ ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ሕዚ እውን ንዕለት 10/11/2012 ዓ/ም ንጉሆ ሰዓት 3፡00 ናብ ወ/ላ/ማ/ው ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ተኸሳሲ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ብይን ዝውሃብ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ላዕላይ ማይጨው**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ሓጎስ ታደሰ በየነ ኣብ መንጎኹምብዘሎ ክትራን ገበን ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ዕለት ቆፀሮ ተኣዚዝኩም ንክትቐርቡ ብኣድራሻኹም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 26/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቀሪብኩም እምነት ክሕደት ቃል ንክትህቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ግና ብዘየለኹምሉ ጉዳይኹም ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምኳኑ ከተማ ኣክሱም ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ከተማ ኣክሱም**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲት ወ/ሪት መድህን ኣለነ ዓይነት ከቢድ ኣካል ምጉዳል ተኸሳሲት ስለ ዝጠፋእኽን ንዕለት 19/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 2፡30 ናብ ወረዳ ዓዲ ኣቤቶ ቤት ፍርዲ ንክትቐርባ እንተዘይቀሪብኽን ብዘየለኽናሉ ዝውሰን ምኳኑ ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓዲ ኣቤቶ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ዓዲ ኣቤቶ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ኣይተ ወላይ ገ/መድህን

ተኸሳሲ ኣይተ ሃይለ ግራም ኣብ ዘሎ ናይ ዕቁብ ገንዘብ ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ክትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም መልስኹም ምስ መርትዖታት ብ3ተ ኮፒ ኣዳሊኹም ንዕለት 13/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 9፡00 ንክትቐርቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ እንትጮ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ እንትጮ**
**ቤት ፍርዲ**

መመልከቲት ወ/ሮ ለተሚካኤል መረሰዒ

ተፀዋዒ ኣብርሃ ደበሳይ ሃይሉ ኣ/ሻ ከ/ዓ/ዓዲ ዝኾኑ ስለ ዝጠፍኡ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሰነለይ ክብላ ስለ ዘመልከታ ኣይተ ኣብርሃ ደበሳይ ሃይሉ ኣብ ኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ክትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ተፀዋዒ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 18/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከ/ዓ/ዓዲ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም መዝገቡ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ዓ/ዓዲ ቤት ፍርዲ**

**ጨረታ**

ኣፈ/ኸሳሲ ፡- መም/ር መኮነን ኣለማዮህ

ኣፈ/ተኸሰስቲ ፡- 1ይ ቀሺ ሃ/ስላሴ ተኩሉ ፣ 2ይ.ወ/ሮ ህሪት ገ/ሄር

ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ኣብ ከተማ ዓድዋ ቀበሌ ምዕባለ ብሽም 1ይ ኣፈ/ተኸሳሲ ዝፍለጥ ስፍሓቱ 277 ሜ/ካሬ መዋሰኒኡ ብምብራቅ መንገዲ ፣ ብምዕራብ በርሀ ካሕሳይ ፣ ብሰሜን ፀጋይ ገ/መድህን ፣ ብደቡብ መንገዲ ዝኾነ ገዛን ቦታን ኣብ ውሽጡ 2ተ ክፍሊ ገዛውቲ ዘለዎ ተኻታዕቲ ወገናት ብስምምዕ ክካፈሉ ስለ ዘይኸኣሉ ቤት ፍርዲ ናይቲ ገዛን ቦታን ንተኻታዕቲ ወገናት ኣጫሪቱ ብቢፅሒቶም ክማቀሉ ስለ ዝተደለየ ብመበገሲ ዋጋ ብር 217,633 /ክልተ ሚኢትን ዓሰርተ ሸውዓተ ሽሕን ሽድሽተ ሚኢትን ሰላሳን ሰለስተን / ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 17/11/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ ሰዓት 6፡00 ናይ ቀትሪ ብግልፂ ጨረታ ስለ ዝካየድ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ሰዓትን ገዛን ቦታን ተረኺብኩም ንክትጫረቱ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ፡-ኣይተ ገ/መድህን ገ/ዝሄር ጠበቓ ኣይተ ሃይለ ኪሮስ ወ/ብርሃን

ተኸሳሲ፡- ኣይተ ምስግና ልበሎ ዘውዱ ኣድራሻ ወረዳ ጣንቋ/ኣበርገለ ጣበያ ማዓረይ ነባሪ ዝኾነኩም ንዘሎ ብምኽንያት ውክልና ዝተኸፈለ ገንዘብ ክሲ ጉዳይ ተመልኪቱ ብኸሳሲ ንዝቐረበልኩም 01 ገፅ ክሲ ምስ 40 ገፅ መረዳእታ ምስ 03 ገፅ ናይ ወክልናን ጥብቅናን መረዳኣታ ብ3ተ ኮፒ መልሲ ፀሑፍ ኣዳልኹም ምስ ኣለኒ እትብልዎ ናይ ሰብ ይኹን ናይ ፅሑፍ መረዳእታ መልስኹም ኣተሓሕዘኹም ኣብ ቆፆሮ ዕለት ሒዘኩም ንክተቐርቡ ዘተውሃበ ትእዛዝ ኸሳሲ ክረኽበኹም ከምዘይካሉ ብቃለ መሓላ ኣደግፎም ስለዘቕረቡ ብምኽንያት ወክልና ዘተኸፈለ ገንዘብ ክሲ ናይ ፅሑፍ መልሲ ኣለኒ እትብልዎ ናይ ሰብ ይኹን ናይ ፅሑፍ መረዳእታ ምስ መልስኹም ኣተሓሕዝኩም ንሰነ 23/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ረፋድ ናብ ዓ/ዓዲ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብ ቆፀሮ ዕለት ኣንተዘይቀሪብኩም ግና ናይ ፅሑፈ መልሲ ምስ መረዳኣትኡ ናይ ምትሕሓዝ መሰልኩም ተሓሊፉ ቤት ፍርዲ ናብቲ ዝቕፅል ሰነ ስረዓት ዝሐለፍ ሙኻኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ዓ/ዓዲ ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ፡-ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ፡- ኣይተ ገ/ፃዲቕ ሓጎስ በርሀ ዓይነት ኣካል ምጉዳል ተኸሳሲ ስለ ዝጠፈአ በገ/ሐ/ቁ 555/ለ/ ክሲ ስለዝቀረበሉ ናብ ወረዳ ዓዲ ኣቤቶ ቤት ፍረዲ ንዕለት 19/10/12 ዓ/ም ሰዓት 7፡30 ንክቐርቡ እንተዘይቐረብኩም ግና ጉዳይኹም በዘየለኹምሉ ዝዉሰን ምኻኑ ቤት ፍረዲ ወረዳ ዓዲ ኣቤቶ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍረዲ ወረዳ**
**ዓዲ ኣቤቶ**

## ዞባ ሰ/ምዕራብ

ኸሳሲ ኣይተ ንጉስ ኣየለ ተወለ

ተኸሳሲ 1.ኣይተ ተስፋይ ብርሃነ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ቼክ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢ ኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 23/10/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ከተማ ሽረ ምድብ መጋባእያ**

**ጨረታ**

ኣፈ/ከሳሲ ኣይተ ካሕሳይ ፀጋይ

ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ኣታላይ ግርማይ ወ/ላ/ ኣድያቦ ከ/ዓዲ ዳዕሮ ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክርክር ጉዳይ ኣብ ወ/ላ/ኣድያቦ ከ/ዓዲ ዳዕሮ ዞባ 4 ዝርከብ ገዛን ቦታን ስፍሓቱ 7.5 ብ 14.25 ካሬ ሜትር ዝኾነ መዋሰኒኡ ብምብራቕ መንገዲ ፣ ብሰሜን ስዒድ ፣ ብምዕራብ ካሕሳይ ፀጋይ ፣ ብደቡብ መንገዲ ብመበገሲ ዋጋ ብር 76204.53 ሳንቲም /ሰብዓን ሽዱሽተን ሽሕን ክልተ ሚኢትን ኣርባዕተን ምስ 53 ሳንቲም / ክጫረት ስለ ዝተደለየ ዝጫረት ሰብ ንዕለት 22/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ክሳብ 8፡00 ኣብ ዘሎ ግዜ ይጫረት ስለ ዘሎ ኣብቲ ቦታ ተረኺብኩም ንክትጫረቱ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዳዕሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ዓዲ ዳዕሮ**

ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እ/ስላሴ ኣይተ ኣምባሳጅር ዘረኡ ዝተብሃሉ ብቑ/ቲን 0051338181 ብዘርፊ ንግዲ እንዳስጋ /ልኳንዳ/ ዝፍለጡ ኸፋሊ ግብሪ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ካብ 801 ክሳብ 850 ጠፊኡኒ ኢሎም ብዕለት 12/9/12 ዓ/ም ስለዘመልከቱ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ዘይተጀመረ ፓድ ዝሓዘ ኣካል እንተሃልዩ ብጋዜጣ ካብ ዝተቓለሐሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ናብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ወይ ናብ ቤት ፅሕፈት ፖሊስ ከተማ ሽረ እ/ስላሴ ሓበሬታ ንክህብ ንሕብር፡፡

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ሽረ እ/ስላሴ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ሙኡዝ ተስፋይ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከ/እ/ምጉዳል ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 25/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሽራሮ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ ከተማ ሽራሮን ታ/ኣድያቦን ምድብ መጋባእያ**

ናብ ገፅ 14 ይዘውር ...

# እቲ ባሕሪ ኣይነፅፍን፤ እቲ ዓሳ እውን ኣይጠፍእን

ብተሻለ ገ/እግዝኣብሄር

...ደርግ ኣብ ዘመነ ስልጣኑ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፈፀሞ ጃምላዊ ጨፍጫፍ ተቖፂሩ ኣይውዳእን ። ኣብ 1968 ዓ/ም 23 ተጋሩ ኣብ እግሪ ቢንቶ ዉጫሌ ብሓዊ ካብ ዘቃፀለሉ ዕለት ኣትሒዙ ኩሉ ዓይነት ግፍዒ እናፈፀመ መፂኡ።

1969 ዓ/ም ኣብ ከተማ ዓብዪ ዓዲ ጉዳይ ዕዳጋ ከገብር ዝተኣከበ ህዝቢ ኣብ ማእኸል ዕዳጋ ዝፈፀሞ ጃምላዊ ደብዳብ መፈለምታ ናይቶም ድሒሩ ዝፈፀሞም ግፍዕታት ነይሩ። ሰራዊት ደርግ ኣብ ከተማ ዓብዪ ዓዲ ኣብ ዕዳጋ ተኣኪቡ ዝነበረ ህዝቢ ኣብ ክባ ኣእትዩ ብዘካየዶ ጨፍጫፍ ብኣማኢት ዝቑፀር ትግራዋይ ኣብ ማእኸል ዕዳጋ ዘርገፈን ደርግ ንህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ካብ ምብራስ ንድሕሪት ከምዘይብል ዘመላኸተን ነይሩ።

ደርግ ኣብ ዓብዪ ዓዲ ዝጀመሮ ጃምላዊ ጨፍጫፍ ከም ንቡር ተግባር እዩ ቀፂሉሉ። ቆልዓ፣ ሽማግለ፣ ሰብኣይ፣ ሰበይቲ እንተይፈለየ ኣብ ዘካየዶ ጨፍጫፍ ማህፀን ነብሰ ፁር ኣዴታት እንተይተረፈ ብሳንጃ ተዘልዚሉ። ዕድመ ክልተ መዓልቲ ዝነበሮም ህፃናት ከም ዕንጉለ ኣንቲዕዎም። ቁሸታት ገጠር ትግራይ ብሓዊ ሓሪረን። ኣብ ኣድያቦ እትርከብ ቁሸት ዓዲ ኣስመሮ ናይዚ ምስክር እያ።

ቅድሚ 1970 ዓ/ም ዓዲ ኣስመሮ 40 ዝኾኑ ስድራታት ዝነብሩላ ንእሽተይ ቁሸት ነይራ። ሰራዊት ደርግ ክረምቲ 1970 ዓ/ም ናብ ዓዲ ኣስመሮ ብምእታው ቆልዓ ሰበይቲ እንተይፈለየ ኣብታ ቁሸት ዝነበሩ ኩሎም ስድራታት ብሳንጃ ሓሪዱ ምስ ጨፍጨፎም እታ ቁሸት ከም ዘይነበረት ኮነት።

ኣረመኒያዊ ተግባር እቲ ስርዓት እምበር ውልቀ ሰባት ዝፈፀምዎ ግፍዒ እዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ደርግ ናብ ሓሓይለ ጣብያ ዓዲ ባሕሪ ቁሸት ሸላላት እንትንቀሳቐስ ደቂ ኣንስትዮ ይጋሰስ ስለዝነበረ “ደርግ መፀ” እንትበሃል ደቂ ኣንስትዮ እታ ቁሸት ፈቖድኡ እየን ዝሕብኣ ነይረን። ኣብ ወርሒ ጥሪ 1974 ዓ/ም ብለይቲ ተሓቢኡ ብምእታው ደቂ ኣንስትዮ እታ ቁሸት ዝሕበኣሉ ቦታ ሰኣና።

ሓንቲ ሰበይቲ ቀሺ ኣብ ገዛ ናይ ልዕሊ 70 ዓመት ዝዕድሚኤን ዓባይ ሰበይቲ ኣትያ ተዓቑበት። ሰራዊት ደርግ በቢጉጅለ ኮይኑ ገዛ ገዛ እንትድህስስ ናብ ገዛ እተን ዓባይ ሰበይቲ ኣተው። እተን ዓባይ ሰበይቲ ኣብ መረባ ገዝአን ፀሓይ እናተፀለዋ ረኺቡ ነውርታቱ ክፍፅም ክቐርበን እንትብል እምቢ ስለዝበላ ብጥይት ወቒዑ ቀተለን። ንዐአን ቀቲሉ ቆፎአን ክጉሕጉሕ ናብ ህድሞ ምስ ኣተወ ሰበይቲ ቀሺ ኣብ እግሪ ቆፎ ተሓቢኣ ረኸባ። ሰራዊት ደርግ ነታ ኣብ እግሪ ቆፎ ዝተረኸበት ሰበይቲ ቀሺ ከጋስስ ኣነ ኣነ እንትበሃሃል እታ ሰበይቲ ሃዲማ ነብሳ ክተድሕን እንትትፍትን ኩሎም ጥይት ተኩሶም ቀተልዋ።

ብኻልእ ገፅ ቁሸት ዓዲ ባሕሪ ዝተዋፈሩ ወታደራት ደርግ ድማ ሰብኣይን ሰበይትን ካብ ቤተ ክርስትያን ተመሊሶም ናብ ገዝኦም እንትኣትዉ ረኺብዋቶም። ነተን ሰበይቲ ሒዞም ነቶም ሰብኣይ ኪዱ በልዎም። ሰብኣይ “እምቢ ካብ ኣሚነይ ኣይፍለይን” ስለዝበሎ ኣብ ዓንዲ ኣሲሮም ብሳንጃ ሓረድዎም። ነተን ሰበይቲ ድማ ብዙሓት ኮይኖም በቢተራ ትፅውት ወዓሉወን።



ኣብ ከተማ ሓውዜን ደርጊ ካብ ዘዕነዎም መንበሪ ዓባይቲ ብኽፋል

ጃምላዊ ጨፍጫፍ ኣብ ኩሎም ከባብታት ትግራይ ብኣልማሚት ዝፍፀም ንቡር ተግባር ስርዓት ደርግ ነይሩ። ኣብ ዓዲ ጉደም ነባሪ ዝኾኑ ሓደ ሓረስታይ ኣብ ከባቢኦም ዝረኣይዎ ግፍዒ ደርግ ከምዚ ይብሉ፦”ኣብ 1977 ዓ/ም ደርግ ኣብ ኣላጀ ነበረ። ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ካብ ኣላጀ ተላዒሉ ተኸለ ወይኒ ናብ ዝተበሃለት ቁሸት ኣተው። ኣብቲ ቦታ ተኹሲ ኣይነበረን፤ ተጋደልቲ እውን ኣይነበሩን፤ ብዘይ ምኽንያት ገዛ ገዛ እናኣተወ 21 ገባራት ቀተለ። 11 ገዛውቲ ብሓዊ ኣቃፀሎም፤ ኣስታት 21 ከፍትን 130 ዝኣኽላ ኣጣልን ኣብ ደምቢኤን እንተለዋ ብሓዊ ኣቃፂሉወን ከይዱ” ብምባል እቲ ዝነበረ መሰከሒ ተግባር ይገልፁ።

ነባራይ ከተማ ኮረም እውን ዕለታዊ ናብርኡ ንምምራሕ ላዕልን ታሕትን ኣብ ዝብለሉ ዝነበረ እዋን ደርግ ብዘካየዶ ግፍዓዊ ጨፍጫፍ ግዳይ ኮነ። በቲ ጨፍጫፍ ኣፎም ዘይፈትሑ ህፃናት ከይተረፉ ሬሳ ወለዶም ተተርኢሶም ሃለቑ። ብሰንኪ ደብዳብ ነፈርቲ ደርግ ዕዳግኡ ብለይቲ ከካይድ ዝተገደደ ህዝቢ ብለይቲ እውን ዝቐስነሉ ዕድል ኣይረኸበን። ግዳይ “ኣንተኖቭ” ዝበሃላ ነፈርቲ ኮነ።

ሓውዜን ኣብቲ እዋን ምምሕዳራዊ ኣካልላ ኣብ ኣውራጃ ዓጋመ እትርከብ ወረዳ ክልተ በለሳ ዋና ከተማ እያ ነይራ። ደርግ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ጀሚሩ ግፍዕታት ደርጊ ኣይተፈለየላን። ስሩዕ ሰራዊትን ባንዳታትን ደርግ ካብ ምጉላት ፣ ዓድግራትን ዕዳጋ ሓሙስን እናተበገሱ ኣብ ሓውዜን ዝፈፀምዎ ግፍዒ ዘርዚርካ ኣይለኣምን። ደብዳብ ነፈርቲ ውግእ እውን ተፈልዩዋ ኣይፈልጥን። ቅድሚ 15 ሰነ 1980 ዓ/ም ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ሸውዓተ ግዜ ተደብዲባ ነበረት። እቲ ንመበል ሻምናይ ግዜ ዝተኻየደ ደብዳብ ግና ብዓይነቱ ዝተፈለየ ነበረ።

ደርጊ 15 ሰነ 1980 ዓ/ም ኣብ ሓውዜን ዘካየዶ ደብዳብ ብልሒ መግለፂ ናይቲ ኣብ ዘመነ ደርጊ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትገራይ ዝተፈፀመ ግፍዒ እዩ። ኣብ መዓልቲ ዕዳጋ ህዝቢ ምስ ተኣከበ ክልተ ሄሊኮፕተራትን ኣርባዕተ ሚግን ኣዋፊሩ ንሽድሽተ ሰዓታት ዝኣክል ብዘይ ዕረፍቲ ደብዳብ ብምክያድ ኣብልዕሊ እቲ ንዕዳጋ ዝተኣከበ ህዝቢ ህልቀት ከበፅሕ ገበረ።

> ደርጊ 15 ሰነ 1980 ዓ/ም ኣብ ሓውዜን ዘካየዶ ደብዳብ ብልሒ መግለፂ ናይቲ ኣብ ዘመነ ደርጊ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትገራይ ዝተፈፀመ ግፍዒ እዩ። ኣብ መዓልቲ ዕዳጋ ህዝቢ ምስ ተኣከበ ክልተ ሄሊኮፕተራትን ኣርባዕተ ሚግን ኣዋፊሩ ንሽድሽተ ሰዓታት ዝኣክል ብዘይ ዕረፍቲ ደብዳብ ብምክያድ ኣብልዕሊ እቲ ንዕዳጋ ዝተኣከበ ህዝቢ ህልቀት ከበፅሕ ገበረ።
>
> በቲ መሰከሒ ደብዳብ ሰብን እንሰሳን ተሓዋዊሱ ፤ እኽልን ሓመድን ብደም ሰብን እንሰሳን ተለዋዊሱ ፤ ሓውዜን ብሓውን ትክን ቦምብታት ተዓይና ከምዘይነበረት ኮነት። በቲ ደብዳብ ልዕሊ 2500 ንፁሃት ተጋሩ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ከም ቆፅሊ ረገፉ። ደም ንፁሃት ከም ሩባ ስሉሕ ፈሰሰ። ወለዲ ውላዶም ፣ ቆልዑ ድማ ወለዶም ዘይራኸብሉ ኩነታት ተፈጠረ። ካብቲ ጨፍጫፍ ብኣጋጣሚ ዘምለጡ 1500 ዝኣኽሉ ድማ ከቢድ ጉድኣት ኣካል በፀሖም ።

በቲ መሰከሒ ደብዳብ ሰብን እንሰሳን ተሓዋዊሱ ፤ እኽልን ሓመድን ብደም ሰብን እንሰሳን ተለዋዊሱ ፤ ሓውዜን ብሓውን ትክን ቦምብታት ተዓይና ከምዘይነበረት ኮነት። በቲ ደብዳብ ልዕሊ 2500 ንፁሃት ተጋሩ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ከም ቆፅሊ ረገፉ። ደም ንፁሃት ከም ሩባ ስሉሕ ፈሰሰ። ወለዲ ውላዶም ፣ ቆልዑ ድማ ወለዶም ዘይራኸብሉ ኩነታት ተፈጠረ። ካብቲ ጨፍጫፍ ብኣጋጣሚ ዘምለጡ 1500 ዝኣኽሉ ድማ ከቢድ ጉድኣት ኣካል በፀሖም ።

እቲ ኩሉ ግፍዕታት ንተጋዳላይ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ኣሐረኖ እምበር ፍፁም ኣየምበርከኾን። ሕነ ብዱላት ንምፍዳይ መንእሰይ ትግራይ ከካብ ዝነበሮ ተፀዋዊዑ ናብ ታዕሊም ወሓዘ። ኣብተን ዝተረፉ ከተማታት ነቕጡ ዝነበረ ሰራዊት ደርግ ዝውቃዓሉ መፅናዕቲ ብውድብ ተኻየደ። ደርግ ዝበዝሕ ሰራዊቱ ኣብ ውሱን ከባብታት ጥራሕ ክእጎድ ዝገብር ሜላታት ብህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ተሓንፀፀ።

ደም ንፁሃት ከም ዉሕጅ ዘፍሰሰ ለገሰ ኣስፋው በቲ ኣረመኒያዊ ግፍዕታቱ ተሓቢኑ ናብ ላዕለዎት ሓለፍቱ ዘቕረቦ ፀብፃብ 5000 ሰባት ከም ዝደምሰሰን ልኡኹ ብዓወት ከም ዝፈፀመን ገለፀ። ደርግ ከምዚ ዝዓይነቱ ጫፍ ዝወፀ ግፍዕታት ዝፈፀመ “ዓሳ ንምጥፋእ ባሕሪ ምንፃፍ” ዝብል ዕላምኡ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ግና እቲ ባሕሪ ኣይነፀፈን ፤ እቲ ዓሳ እውን ኣይጠፍአን።

**/ ፍልፍል፣ ቅያ ተጋድሎ፣ ብሃሴት ፍስሃ፣ ገፅ 405-410/**

**... ካብ ገፅ 11 ዝዞረ**

ብኸሳሲ ዓ/ሕጊ

ብተኸሳሲ1 ኣይተ ዳዊት ልኡል ሓድጉ ኣድራሻ ወ/ታ/ኣደያቦ ከተማ ዓዲሃገራይ ቁሸት ደደቢት ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ኽሲ ክርክር ተከሳሲ ኣብ ኣደራሻኹም ክትርከቡ ስለዘይኻኣልኩም ንዕለት 30/10/12 ዓ/ም ስዓት 3፡00 ናብ ቤት ፍርዲ ወ/ዓ/ሃገራይ ንክቀርቡ ኣብ ቆፀሮኹም እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዉሳኔ ዝዋሃብ ምኻኑወረዳ ዓ/ሃገራይ ቤት ፍረዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ዓዲ ሃገራይ**

ከሳሲት ወ/ሮ ዘዘወች በዛው

ተከሳሲ ኣይተ እዳለ ኣለማየሁ ኣ/ሻ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ማእኸላይ እዚ ክፍለ ጦር 23 ነባራይ ዝነበረ ኣብ ሞንጎ ንዘሎ ናይሓዳር ፍትሕ ክሲ ክርክር ኾይኑ ተኸሳሲ ብሓዳር ፈትሕ ተሸሲስኹም ምኻንኩም ፈልጥኩም ንዕለት 06/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናይ ፅሑፍ መልስኹም ብ 3ተ ቅዳሕ ኣዳሊኩም ንኽትቐርቡ መልስኹም ብፀሑፍ ሒዝኩም ኣንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹመሉ ተፃርዩ ውሳነ ዝወሃብ መኻኑ ወረዳ ሽረ-እ/ስላሴ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ከተማ ሽረ-እ/ስላሴ**
**ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ ዳኒኤል ጎይትኦም ፀሃየ ኣ/ሻ ወ/ኣስገደ ፅምብላ ጣ/በናቀ ቁሸት ሓንሰ ዝኾነ ንዘለዎ ብገ/ሕ/ቁ 669/3/ለ/ ከቢድ ስርቂ ገበን ንዕለት 22/10/12 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናይ ቀትሪ ናብ ወ/ኣስ/ቤት ፍርዲ ንክቐርብ ኣንተዘይቐሪቡ ግና ጉዳዩ ብዘየለሉ ተራእዩ ዝፍረድ ምኻኑ ንክፈልጥ ኣስገደ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ**

## ዞባ ምዕራብ

### ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ ኣይተ መላኩ ያዘዘው

ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ግርማይ ተካልኝ ኣብ መንጎኦም ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክርክር መሰረት ኣፈ/ተኸሳሲ ብውሳነ መሰረት ከፈፅም ስለ ዘይኸኣለ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ እትፍለጥ ኤነትሬ መኪና ሰሌዳ ቁፅሪ ኢት -03-21901 ሻንሲ ቁፅሪ A004552 ሞተር ቁፅሪ 8210-02 -05002 ዝኾነት ተሽከርካሪት ብመበገሲ ዋጋ 101,886.13 ብር /ሓደ ሚኢትን ሓደን ሽሕን ሸሞንተ ሚኢትን ሰማንያን ሽዱሽተን ብር ምስ 13 ሳንቲም / ኮይኑ ክጫረት ዝደሊ ኣካል ኣብቲ እታ መኪና ኣብ ትርከበሉ ከተማ ሑመራ ቀበሌ 04 ቀጠና 03 ዝርከብ ኣብ እንዳ መዓሾ ግቢ ይኸውን እታ መኪና ዘለዋ ናይ በሎ ክላውዶ ዕዳ መንግስቲ ብር 8580 ከም ናይ ኣፈፃፀም ዕዳ ተሓሲቡ ካብቲ ናይ ጨረታ ገንዘብ ዝኸፍል ይኸውን እቲ ጨረታ ዝተዓወተ ኣካልናይቲብጨረታ ዝተዓወተሉ ገንዘብ 25% ሽዑ ንሽዑ ዘትሕዝ እቲ ዝተረፈ 75% ድማ እታ መኪና ናብ ሽሙምስ ተዛወረትሉ ጠቐሊሉ ዝኸፍል ኣካል ኣብቲ ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 23/10/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 5፡00 ናይ ንጉሆ ኣብ ዘሎ ሰዓት ቀሪብኩም ንክትጫረቱ ክብል ዞባ ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ - ዓ/ሕጊ ዞባ ምዕራብ ትግራይ

ተኸሳሲ ፡- 1 ኣይተ ኣግንቾ ዋኘው መስፍን ኣ/ሻ ክልል ትግራይ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ደራ ቁሸት ደቂባ

2 ኣይተ ሙለይ ክፍላይ ኣ/ሻ ክልል ትግራይ ዞባ መዕራብ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ኣለም ገነት ቁሸት ሒላብ

ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ክትራን ገበን ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ንዕለት 14/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ ቀሪብኹም ንክትከራኸሩ እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ዝተኣዘዘ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ**

ኸሳሲ ፡- ዓ/ሕጊ ዞባ ምዕራብ ትግራይ

ተኸሳሲ ፡- 1. ኣይተ ደሳለይ ገብሩ ገ/ማርያም ኣ/ሻ ክልል ትግራይ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ማይ ደሌ ቁሸት ሸሞሪ

2. ኣይተ ኣበበ ሞላ በየነ ኣ/ሻ ክልል ትግራይ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ማይ ደሌ ቁሸት ሸሞሪ

3. ኣይተ ሃይሉ ኣስታጥቅ ኣድማሱ ኣ/ሻ ክልል ትግራይ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ማይ ደሌ ቁሸት ሸሞሪ

ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ክትራን ገበን ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ንዕለት 14/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ ቀሪብኹም ንክትከራኸሩ እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ዝተኣዘዘ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ**

ኸሳሲ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ ኣይተ ተስፋይ ሃይሉ ኣበራ ኣ/ሻ ከ/ሰ/ሑመራ ቀበሌ 04 መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ብሕጊ ገበን ዓንቀፅ 669/3/ ለ/ መሰረት ገበን ክሲ ስለ ዝቀረበልኩም ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ምድብ መጋባእያ ሑመራ ንዕለት 22/10-2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ንጉሆ ቀሪብኹም ንኽትከታተሉ ኣብ ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ድማ ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ፈሊጥኹም ንክትቐርቡ ክብል ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ቃፍታ ሑመራ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ፡- ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ዓ/ሕጊ

ተኸሰስቲ፡- 1. ኣይተ መኮነን ነጋ ጥላሁን ኣ/ሻ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ጣብያ ዓዲ ጎሹ

2. ኣይተሞላ ደሞዝ ጥላሁን ኣ/ሻ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ጣብያ ዓዲ ጎሹ

3. ኣይተ ካሕሳይ ፋንቱ ኣፅበሃ ኣ/ሻ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ጣብያ ዓዲ ጎሹ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ኣካልጉድኣት ብሕጊ ገበን ዓንቀፅ 32/1-ሀ/ ምስ 555/ሐ/ መሰረት ገበን ክሲ ስለ ዝቀረበልኩም ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ምድብ መጋባእያ ሑመራ ንዕለት 23/10-2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ቀሪብኹም ንኽትከታተሉ ኣብ ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ድማ ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ፈሊጥኹም ንክትቐርቡ ክብል ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ቤት ፍርዲ**

### ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ ፡- እኒ ኣይተ ሃ/ስላሴ ገ/ሄር 7ተ ሰባት

ጠበቓ፡- ኣሸናፊ ኣብርሃ

ኣፈ/ተኸሰስቲ ፡- እኒ ኣብርሃ እምባየ 204 ሰባት ኣብ ሞንጎኦም ንዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክርክር መሰረት ብሽም እኒ ኣብርሃ እምባየ 204 ሰባት ኣብ ከተማ ሰቲት ሑመራ ቀበሌ 01 ዝርከብ መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ ተሾመ ፣ ብምዕራብ ፀጋይ ኣስጎዶም፣ ብሰሜን መንገዲ፣ ብደቡብ ኩዳር ስፍሓቱ 160 ካ/ሜትር ዝኾነ ብመበገሲ ጠቕላላ ዋጋ/1,943,838.18/ሓደ ሚልዮንን ትሽዓተ ሚእትን ኣርብዓን ሰለሰተን ሽሕን ሸሞንተ ሚእትን ሳላሳን ሸሞንተን ነጥቢ ዓሰርተ ሸሞንተን/ ብጨረታ ክሸየጥ ስለ ዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ሰብ ንዕለተ 18/11/2012/ ዓ/ም ስዓት 4፡00 ጀሚሩ ክሳብ 6፡00 ናይ ቀትሪ ኣብቲ ገዛ ዝርከበሉ ቦታ ብኣካል ተረኪቡ ይጫረት ውፅእት ጨረታ ዝቐርበሉ ድማ ንዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ክብል ከ/ሰ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወራዳ ሰቲት ሑመራ ቤት ፍርዲ**

### ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ ፡- ትምኒት ብርሃነ

ወኪል፡- ብርሃነ ተወልደ

ጠበቓ፡- ሓጎስ ኣብርሃ

ኣፈ/ተኸሳሲ ፡- መ/ር ገ/ሄር ገ/ሂወት

ጣ/ኣታዊ ደደቢት ማ/ፋይናንስ

ኣብ ሞንጎኦም ንዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክርክር መሰረት ብሽም መ/ር ገ/ሄር ገ/ሂወት ኣብ ከተማ ሰቲት ሑመራ ቀበሌ 04 ዝረከብ መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ RN293 ፣ብምዕራብ ኣብርሃ ለሰይ፣ ብሰሜን RN292፣ ብደቡብ መንገዲ ስፍሓቱ 250 ካ/ሜትር ዝኾነ ብመበገሲ ጠቕላላ ዋጋ/306,188.89/ ሰለሰተ ሚእትን ሽድሽተን ሽሕን ሓደ ሚአቲን ሳማንያን ሾሞንተን ነጥቢ ሳማንያን ትሽዓተን /ብጨረታ ክሸየጥ ስለ ዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ሰብ ንዕለት 01/12/2012/ ዓ/ም ስዓት 4፡00 ጀሚሩ ክሳብ 6፡00 ናይ ቀትሪ ኣብቲ ገዛ ዝርከበሉ ቦታ ብኣካል ተረኪቡ ይጫረት ክብል ከ/ሰ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ሰቲት ሑመራ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ ኣይተ ሓየሎም ሙላለም ሃይለ ኣድራሻ ወረዳ ወልቃይት ጣብያ ማይ ጭዓ ቁሸት ማይ ሓርገፅ ኣብ ሞንጎ ንዘሎ ምስ ትሕቲ ዕድመ ፆታዊ ርክብ ምፍፃም ገበን ክትዕ ተኸሳሲ ንዕለት 01/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ወረዳ መዘጋ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ መዘጋ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ መዘጋ ቤት ፍርዲ**

ከሳሲ - ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ- ኣይተ ሓጎስ ኣስማረ ኣ/ሻ ወ/ኣ/ ጣ/ያሩባ ሰሜን ቑ/ማይሐን ኣብ ሞንጎኦም ብዘሎ ናይ ትሕቲ ዕድመ ፆታዊ ርክብ ምፍፃም ገበን መሰረት ተኸሳሲ ንዕለት 19/10/12 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናይ ንጉሆ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ዝረአይ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ወ/ኣ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ኣውራ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ኣውራ**

ኸሳሲ- ወ/ወልቃይት ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ - ኣይተ ሃይላይ ኣታክልቲ ማማይ ኣ/ሻ ወ/ወልቃይት ጣብያ ም/ወይዘሮ ቁሸት ዓዲ ገርትየ ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ንክርእ ቅድሚ ምውሳኑ ንዕለት 29/10/2012 ዓ/መ ስዓት 8፡00 ጉዳይኹም ቀሪብኩም ንክትካታተሉ እንተዘይቐሪብኩም ግና ብዘየለኹምሉ ከም ዝሪአ ወ/ወልቃይት ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወ/ወልቃይት ቤት ፍርዲ**

### ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲ- ኣይተ ኣረኣያ ኣስፍሃ

ተኸሳሲት - ወ/ሪት ራሄል ብርሃነ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ገንዘብ ክትዕ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ ትወ/ሪት ራሄል ዝፍለጥ ኣብ ከተማ ሰቲት ሑመራ ቀበሌ 01 ዝርከብ ብምብራቕ መንገዲ ብምዕራብ ክፍቲ ቦታ ብሰሜን ኣወል ኣማን ብደቡብ ክፍቲ ቦታ ስፍሓቱ 250 ካ/ሜትር ሰለስተ ገዛውቲ ዝዓረፎ ገዛን ቦታን ንመፈፀሚ ዕዳ ብቤት ፍርዲ ጨረታ ክሸወጥ ስለዝተደለየ ብመበገሲ ዋጋ ብር 562,328.46/ሓሙሽተ ሚእትን ሱሳን ክልተን ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ዒስራን ሾሞንተን ብር ምስ ኣረብዓን ሹድሽተን ሳንቲም/ ክጫረት ዝደሊ ዝኾነ ኣካል ብባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወክሉ ኣብቲ ቦታ ብኣካል ተረኺቡ ንክጫረት ሰዓራይ ጨረታ ናይ ዘሸነፎ 10% ብጥረ ገንዘብ ሽው ንሽው ኣብ ናይ ቤት ፍርዲ ፋይናንስ ተሓዚ ገንዘብ ከትሕዝ ዝኽእልን እቲ ዝተረፈ ክፍሊት ድማ ኮሚቴ ጨረታ ውፅእት ጨረታ ንቤት ፍርዲ ኣብ ዘቕሪበሉ ዕለት 30/11/2012 ዓ/ም ጠቕሊሉ ክኸፍል ዝኽእል ሰዓራይ ናይቲ ዝሰዓሮ ገዛን ቦታን ኣብ ቤት ማዘጋጃ ናይ ሽም መዘዋወሪ ሙሉእ ወፃኢ ክሸፍን ዝኽእል ምኻኑ ፈሊጡ ጨረታ ዝካየደሉን ዝፀንሓሉን ግዜ ዕለት 27/11/2012 ዓ/ም ካብ ንጉሆ ሰዓት 3፡00 ክሳብ ናይ ቀትሪ ሰዓት 6፡00 ተረኺቦም ንክጫረቱ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ምዕራብ ምድብ መጋባያ ሑመራ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ምዕራብ**
**ምድብ መጋባያ ሑመራ**

# ኣብ ዓዓና

## ጉዕዞ ፀጋማይ መስመር ንመኸተ ኮቪድ-19

ብይርጋ ኣብርሃ

ዓለምና ኣጨኒቑዋ ዘሎ ቫይረስ ኮሮና ወይ ድማ ኮቪድ 19 ሚልዮናት ሰባት ለኺፉ፣ ኣማኢት ኣሻሓት ድማ ቀቲሉ ኣሎ። እዚ ሕማም ዓለም ብምልእታ ኣባፂሑ ኩሉ ወዲ ኣዳም ኣብ ከቢድ ስግኣትን ጭንቅን ሸሚሙዎ ኣሎ።

ሃገራት ዝሓዝኦም ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ጠጠው ኣቢለን ኣብ መኸተ እቲ ሕማም ተፀሚደን። ዋላ እተን ዝማዕበላ ዝበሃላ ሃገራት'ውን ቁጠብአን ኣንቆልቍሉ። ሓይሊ ሰበን በቲ ሕማም ተሃስዩን ሞይቱን። ብኣቆፃፅራ ኢትዮጵያ ክሳብ 8 ሰነ 2012 ዓ/ም ልዕሊ 8 ሚልዮን ሰባት በቲ ቫይረስ ተለኺፎም፣ 427 ሽሕን 630 ወገናት ድማ ሞይቶም ከምዘለው ፀብፃብ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣመልኪቱ ኣሎ። ካብዚኦም እቶም 3 ነጥቢ 7 ኣብ ኣሜሪካ ዝተለኸፉ እንትኾኑ፣ ብሓፈሻ ኣውሮፓ ልዕሊ 2.3 ሚልየን ህዝባ ተለኺፉ ኣሎ። ምብራቓዊ ሜዲትራንያን ሃገራት 758 ሽሕ፣ ደቡብ ምብራቅ ኤሽያ 455 ሽሕ፣ ምዕራባዊ ፓስፊክ ሃገራት 197 ሽሕ ኣፍሪካ ድማ 167 ሽሕ ህዝባ በቲ ቫይረስ ተለኺፉ ኣሎ።

እተን ዝማዕበላ ሃገራት ነቲ ሕማም ኣብ ምክልኻል ተፀሚደን ንባዕለን ረዳኢ ስኢነን ኣውያት ኣብ ዘስምዓሉ እዋን ላቲን፣ ኤሽያን ኣፍሪካን ክፍላተ ኣህጉር በቲ ቫይረስ ምጥቅዐን እቲ ፀገም ዝገደደ ጌሩዎ ኣሎ። ይውሓድ ይብዛሕ ካብ ለገስቲ ሃገራት ይርከብ ዝነበረ ገንዘብ፣ ናውቲ መከላኸሊ ሕማምን ክርከብ ኣይከኣለን።



ክርስቲና ጆርጅዮና ማንጂንግ ዳይሬክተር ኣይ ኤም ኤፍ

በዚ ድማ 170 ዝኾና ሃገራት ነብሲ ወከፍ እቶት ሰባት ናብ ኣሉታዊ ብርኪ ማለት ናብ ትሕቲ ባዶ ክወርድ እዩ ዝብል ስግኣት ኣሎ። ይኹን'ምበር ኣብ መፋርቕ 2020 ተላባዓይነት ቫይረስ ኮሮና እንተነኪዩ ቁጠባ ዓለም ብኽፋል ክሓዊ ይኽእል እዩ ትብል መሊሳ። እንተኾነ ግና በቲ ሕዚ ዘለዎ ኩነታት እቲ ሓደጋ ዝንኪ ኣይኮነን ትብል።

ካብቶም 16 ሚልዮን ኣሜሪካውያን እቶም 6.6 ሚልዮን ዝኾኑ ወገናት ካብ ስራሕ ምንካዮም እያ ትገልፅ። እቲ ሓደጋ ሕዚ'ውን ኣብቶም ዝተረፉ 9 ሚልየን ዜጋታት ኣሜሪካ ክቕፅል ከምዝኽእል እያ ትዛረብ።



ፀጋማይ መስመር ሒዞም ዝጎዓዙ ሓረስቶት ኣፍላ

እታ ንነብሳ ልዕሊ ሃያል ሃገር ምዃና ብዕሊ ዘፍለጠት ኣሜሪካ ሓገዝ ቓይና ናብ እት ሓተሉ ብርኪ እያ በፂሓ። እዙይ ተጌሩ እውን ኣይ ኽኣለትን። ሕዚ'ውን ኣብ ከቢድ ፀገም እያ ዘላ።

ትካል ገንዘብ ዓለም IMF ኣብ ዘውፅኦ መግለፂ ድሕሪ 1930 እቲ ዝኸፍአ ቁጠባዊ ቅልውላው ዝበፅሐሉ እዋን ከምዝኾነ እዩ ዘቐምጥ። እዙይ ብምዃኑ እውን ኣብ 2021 ዓ/ም/ፈ/ እቲ ቁጠባ ብኽፋል እኳ ክሓዊ እንተኺኢሉ ዓብይ ዕድል እዩ ትብል ክሪስታሊና ጆርጅዩቫ ዝተብሃለት ማኔጂንግ ዳይሬክተር እቲ ትካል።

እቲ ቁጠባ ተሃስዩ ዘሎ መንግስታት ዝተፈላለያ ሃገራት ገዛኻ ዕፆ ዝብል ኣዋጅ ስዒቡ ብርክት ዝበላ ካምፓኒታት ትካለን ዓፅየን ሰራሕተኛታተን ስለዝበተና እዩ። ከም ፀብፃብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት 81% ማለት 3.3 ቢሊዮን ህዝቢ ካብ ስርሑ ሙሉእ ብሙሉእ ተመዛቢሉ ኣሎ።

ኣብቲ ዝሓለፈ ወርሒ ትካል ገንዘብ ዓለም ኣብ ዝዘርግሖ ፀብፃብ ቁጠባ ዓለምና ክንሳእርር ዓመታት ክወስዶ ይኽእል እዩ ዝብል ዘርጊሑ ኣሎ። ሃገርና እውን ግዳይ እቲ ሓደጋ ኮይና ኣላ። ሞት እውን ክትለማመዶ ጀሚራ ኣላ። መንግስቲ ነዚ ዝሃቦ ቆላሕታ ከም ሃገር ትሑት ስለዝኾነ ናብ ፖለቲካዊ ጠላዕ ኣትዩ እቲ ሕማም ከም ፀጋ ዝርኢን ንመናውሒ ስልጣኑ ዝጥቀምን ኮይኑ ኣሎ።



ጥዕንኡ ዝተሓለወ ፃዕራም ህዝቢ

በቱይን በቲይን ጫውጫውን ዓመፅን ኣብ ዝቕስቀሰሉ እዋን፣ ኣብ ክልል ትግራይ ግና ፍፁም ሰላምን ምርግጋዕን ዓሲሉ ህዝቢ ነቲ ቫይረስ እንዳ ተኸላኸለ መዓልታዊ ውራዩ ክገብር፣ መንግስቲ ትግራይ ትኹረት ሂቡ ይሰርሕ ኣሎ። ኮማንድ ፖስት ክልል ትግራይ በቢ እዋኑ እንዳገምገመ መመሓየሺ ኣዋጃትን መምርሕታትን እንዳውፅአ እቲ ሕማም ክምክት ይገብር ኣሎ። ህዝቢ ቁጠባዊ ሃሰያ ከይወርዶ መቃለሊ ዝኾኑ ስጉምትታት ይወስድ ኣሎ። ህዝቢ ነኒ ባዕሉ እንዳተሓጋገዘ ነዛ ፈታኒት እዋን ይሰግራ ኣሎ።

ሙሉእ ብሙሉእ ተግቢርዎ እዩ ዋላ ኣይንበል ግና እቲ ሜላ ምክልኻል እውን ህዝብና ተረዲኡ ንምክልኻሉ ይቃለስ ኣሎ። ናብቲ ዘልዓልኩዎ ርእሲ ክምለስ። ብኡ እውን ክኣስሮ። ትግራይ ኣብ ኣጋር ተጎዓዝቲ ዘጋጥም ሓደጋ ትራፊክ ንምክልኻል ፀጋማይ መስመር ሒዝካ ምጉዓዝ ኣብ ብርክት ዝበሉ ወረዳታት ዝተዓወተትሉ ተግባር እዩ።

ሎሚ እውን ኮቪድ-19 ንምክልኻል ፀጋማይ መስ መር ሒዝካ ምጉዓዝ፣ ካብ ዘህንጠሰ ሰብ ዝነጥር ሃፋ ወይ ትፍታፍ ንምክልኻል ከምዝሕግዝ ሰብ ሞያ ጥዕና ትግራይ ማዕዳ ይህቡ ኣለው። ኩሉ ሰብ ፀጋማይ መስመሩ ሒዙ ዝጎዓዝ ሰብ እንተልዩ ንቅድሚት ዝጎዓዝ እምበር ብቅድሚቱ ናብኡ ዝመፅእ ሰብ የለን። ስለዝኾነ ጎፍ ንጎፍ ተራኺብካ ዝስዕለልካ ወይ ዘህንጥሰልካ፣ ብተመሳሳሊ ናብ ኣፉ እትስዕለሉ ወይ እትህንጥሰሉ ሰብ የለን።

እዙይ ማለት ሃንደበት ኣብ ምፅቕቓጥ ዝበዝሐ ቦታ ወይ በዝሒ ሰብ ዝጎዓዘሉ ቦታ ናብ ቅድሚኻ መፂኡ ዝውተፍ ሰብ የለን ማለት እዩ። ስለዚ ፀጋማይ መስመር ሒኽካ ምጉዓዝ እቲ ሓደ ካብቲ ቅድሜኻ ዘሎ ሰብ ብድሕሪቱ ኾይንኻ ርሕቐትካ ሓሊኻ ክትጎዓዝ የኽእለካ፣ ናባኻ ገፁ ጌሩ ዝህንጥሰልኻ ወይ ዝስዕለልካ ሰብ የለን ማለት እዩ። እዙይ እቲ ንሕና ክንገብሮ ዝግበአና ሜላ ምክልኻል እዩ ኢሎም ሰብ ሞያ ሞያዊ ማዕዳ ሂቦም ኣለው።

ኩላትና ንነብስና በዚ መዳይ እንተተጠንቀቕና ኩሉ ናብ ሓደ ዓይነት ስርዓት እንተኣትዩ፣ መዓልታዊ ስራሕና እንዳወገንና፣ ጥዕናና እንዳተኸላኸልና እቲ ሕማም ክንከላኸሎ ንኽእል ኢና።

ምስዙይ ኢድና ብሳሙና ምሕፃብ፣ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ምጥቃም፣ ርሕቐትካ ሓሊኻ ምጉዓዝ ኮነ ግልጋሎት ምሃብን ምርካብን ዘይ ጣሓሱ ዕለታዊ ተግባራትና ክኾኑ ይግባእ።

# መበል 32 ዓመት መዓልቲ ስውኣት
# “ሕድሪ ስውኣትና ኣፅኒዕና ንመኽተ”

ብግርማይ ተ/ብርሃን



መዘክር ስውኣት ተጋደልትን ሓርበኛታትን

ህዝባዊ ፍቕሪ፣ ፃምእ ሓርነትን ብሄራዊ መሰልን ጥራሕ ሰኒቕኩም ኣብዘይተርፍ ዓወት ብፅንዓት ተኣማሚንኩም ክቡር ሂወትኩም በይዛ ህዝቢ ትግራይ 17 ዓመት ሙሉእ ዝኸፈልኩምዎ መስዋእቲ ከንቱ ኣይተረፈን፡፡

ፍፁም ዘይንቕነቑ ዝመስሉ ዝነበሩ ትምክሕተኛታት ፀላእቲ፣ ብመስተንክር ጅግንነትኩምን ብሰፊሕ ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ተሓማሺሾም ናይ ብሄራዊ ጭቆና ሸንሸል ተበጣጢሱ ኣሎ፡፡ መሊኡ ክሳብ ዝደምቕን ህዝቢ ክሳብ ዝሓልፈሉን ድማ ህዝባዊ ሕድርኹም ከየዕበርና ሓርነታዊ ርጋፅኩም እናረገፅና ወያናይ ኣሰርኩም ብምኽታል ኩሉሻዕ ንቕድሚት ክንምርሽ ኢና፡፡ ዝኾነ ዓይነት ወፅዓን ባርነትን ከምዘይንቕበል፣ ንኻሊእ ህዝቢ ‘ውን ከምዘይንምነየሉ፣ ክጎብጠና ንዝደሊ ዝኾነ ሓይሊ ፍፁም ከምዘይንምብርከኽ ናይ ትማሊ ናይ ፅባሕ ናይ ወትሩ ነቕ ዘይብል ቃልኪዳንና እዩ፡፡

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንጀጋኑ ስውኣትና
ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ

11 ለካቲት 1984 ዓ/ም



ሕዚ’ውን መስመርና ኣፅኒዕና ንመኽተ !